

# ናይ ክርስቶስ ባህሪ

ብ ብጹእ ወቅዱስ አቡነ ሺኖዳ 3ይ

ናይ ግብጺ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ፓትሪያሪክ

ናይ ክርስቶስ ባህሪ

ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ፣ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ፣ ኣብ ማህጸን ድንግል ሓዲሩ፣ መለኮታዊ ባህሪኡ ምስ ስጋዊ ባህሪኡ ኣወሃሂዱ፣ ከመይ ጌሩ ከም ዘድሓነና እትገልጽ ሓጻር መጽሓፍ። እዛ መጽሓፍ እምነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤክርስቲያን ብንጹር እትምህር ኮይና፣ ኣገላልጻ ብጹእ ወቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ ንማንም ታራ ሰብ ብዝርድኦ ኣገባብ ምስፋሩ፣ ልዕሊ ኩሊ ብልጫ ኣለዋ።

# ናይ ክርስቶስ ባህሪ

## ናይ ክርስቶስ ባህሪ

### መእተዊ

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላኽ ኣሜን። ኣምር ናይ ክርስቶስ ባህሪ ኣብ መበል ሓምሻይ ክፍለ ዘመን ኣብ 451 ዓ.ም. ኣብ መንጎ ቤተክርስቲያናት ምፍልላይ ዝፈጠረ ኣምር እዩ። ቤተክርስቲያናት ሓድነት ክፈጥሩ ተባሂሉ ጻዕሪ ክግበር ምስ ጀመረ ነዚ ኣምር እዚ ክንዛተየሉ ኔሩና። ስለዚ ከኣ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ንዘተ ትምህርተ መለኮት ብዘዋፅም መንገዲ ነቲ ንሳ ትኣምነሉ ኣምር ብመጽሓፍ መልክዕ ክተዳሉ ኔርዋ።

እዚ ኣምር (ናይ ክርስቶስ ባህሪ) ኣብ ቅዱስ ማርቆስ ኮሌጅ ትምህርተ መለኮት  ብኣይ ዝተዋህበ ትምህርቲ እዩ። ከም ክፉል ትምህርቲ "ንጽጽር ትምህተ መለኮት" ኣብ ገዳም ቅዱስ ቢሾይ ኣብ 1984 ዓ.ፈ. እዩ ተዋሂቡ። እቲ ዝቀረበ ትምህርቲ ንተማሃሮ ተባሂሉ ተሓቲሙ ኔሩ። ተመሳሳሊ ትምህርቲ ብእንግሊሽ ተቶርጊሙ ኣብ ካናዳ ኣብ 1980 ዓ.ፈ. ተዳልዩ ኔሩ። እዚ መጽሕፍ እዚ ንናይ ትምህርተ መለኮት ተመሃሮ ብዓረብ ክቀርብ ስለዝነበሮ ተሓቲሙ ቀሪቡ።

ናይ መጀመርያ ዘተ ትምህርተ መለኮት (Theological dialogue)  ኣብ 1971 ዓ.ፈ. ብPro-Oriented group ተወዲቡ ኣብ ቬይና ኦስትሪያ ተጌሩ። ኣብቲ ዘተ ብካቶሊካውያንን ብቤተክርስቲያንናን ተቀባልነት ዘለዎ ቅኑዕ ፍልጠት ኣምር ናይ ክርስቶስ ባህሪ ክንሰማማዕ በቒዕና። እቲ ዘተ ብጣዕሚ ጽቡቕ እዩ ኔሩ። ምክንያቱ ነቲ ገጽ ኩሉ ቤተክርስቲያናት ከዊሉ ዝነበረ ኣብ ሓሙሻይ ክፍለ ዘመን ዝተፈጥረ ፍልልይ መዕለቢ ስለዝተገብረሉ። ሕጂ ግና ብከምዚ መንገዲ ንምርድዳእ ክፉት ኮይኑ ይርኸብ።

ካብ 1988 ዓ.ፈ. ጀሚሩ ን17 ዓመት ምስ ካቶልካውያን ፍልልይ ድሕሪ ምጽንሑ ሕጂ ክንሰማማዕ ክኢልና ኢና። እቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ መወዳእታ ገጽ እዚ መጽሓፍ እዚ ይርኸብ።

ኣብ ገዳም ቅዱስ ቢሾይ ብ1989 ዓ.ፈ. ምስ የሕዋትና ባይዛንታይን ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ዓሙቕ ዘተ ተጌሩውን እዩ። ብዒስራ ወከልቲ ናይ ትምህርተ መለኮት ሊቃውንትን ብናይ ወከልቲ ቤተ ክህነት ኣብ 1990 ዓ.ፈ. ኣብ ጀኔቫውን ኣኬባ ተጌሩ እዩ።

ካብዚ ክግበር ዝጸንሐ ጻዕርታት ተበጊስና እምበኣር ንኩሉ ክርስቲያን ህዝብና ብመርትዖታት ኣሰኒና ነቲ ቅኑዕ ኣምነትና ክንገልጸሉ ከም ዝግባኣና ፈሊጥና። ኣብ ጥቅምቲ 1991 ዓ.ም. ከኣ ብPro-Oriented group ዝተወደበ ዳግማይ ዘተ ስለዘለናን። ብጽሑፍውን ክነቕርብ ስለዝተሓተትናን ነዚ መጽሓፍ ብምሕታም ነቕርበልኩም ኣለና።

እዚ መጽሓፍ`ዚ ብእንግሊሽን ብዓረብን ቀሪቡልኩም ኣሎ ኣንቢብኩም መንፈሳዊ በረኸት ተቀበሉ።

ኣምላኽ ይባርኽኩም!

ፖፕ ሺኖዳ 3ይ

## [ 1 ]
## ትምህርቲ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኣብ ክርስቶስ ባህሪ

**ጐይታና ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሰግው ቃል ፍጹም ሰብ ዝኮነ እግዚኣብሔር እዩ። መለኮታዊ ባህሪ ምስ ስጋዊ ባህሪኡ ብዘይ ምትሕዉዋስ፣ ምድንግጋር፣ ምቅይያር ብፍጹም ዝተወሃሃደ ሓደ ባህሪ እዩ። ነዚ ተዋህዶ ንምግላጽ ቃላት ይሓጽሩና እዮም "ብዘይ ጥርጥር እቲ ምስጢር እግዚኣብሔር ዓብይ እዩ። ንሱ ብስጋ ዝተገልጸ" /1ይ ጢሞ 3፥16/ ከምዝብለ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ።**

**እዚ ውህደት (ተዋህዶ) ዘይቅየር፣ ዘይልወጥ፣ ዘይምቀል፣ ዘይፈላለይ እዩ። ነዚ እዩ ከኣ ኣብ ግዜ ቅዳሴ *"መለኮታዊነቱ ካብ ሰጋዊ ባህሪኡ ንሓንቲ ግዜ ዋላ ክንዲ ቋሕ ሰምታ ዓይኒ ዝኣክል ካልኢትውን ተፈልዩ ኣይፈልጥን"* እንዳበልና ንጽልይ።**

**መለኮታዊ ባህሪ (ኣምላኽ ዝኾነ ቃል) ምስ ስጋዊ ባህሪ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ማህጸን ድንግል ማሪያም ተወሃሃደ። ካብ ንጽህትን ቅድስትን ዝኮነት ድንግል ማሪያም ካብ ስጋኣ ስጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ ተወሃሃደ[1]። እዚ ተዋህዶ ገና ኣብ ጊዜ ጥንሲ እዩ ጀሚሩ።**

**ኣብ ማህጸን ድንግል ዝተፈጸመ ናይ ክልቲኡ ባህሪ (መለኮታዊን ትስብእትን) ውህደት፣ ሓደ ፍጹም ባህሪ ሂቡ። ቅዱስ ቄርሎስ *"ሰግው ቃል ሓደ ባህሪ እግዚአብሔር"* ከም ዝበለ።**

**ቅድስት ቤተክርስቲያን ቅድም ብቅዱስ ኣትናትዮስ ሃዋርያ፣ ደሓርዉን ብቅዱስ ቄርሎስ ዓቢ ካብ ዝመሃርዎ ትምህርቲ ዝሓሸን ዝዓሞቐን ትምህርቲ ኣይረከበትን፣ ስለዚ ካብዚ ትምህርቲ ወጻኢ ካልእ ኣይደለየትን። እዞም ክልተ ሊቃውንት ቅዱሳን ኣብ ትምህርተ መለኮት ቅኑዕ ትምህርቲ ዝመሃሩ ዓበይቲ ኣቦታት እዮም።**

**ኣብ ቬንያ፣ ኦስትርያ መስከረም 1971 ኣብ መንጎ ናይ ሮማ ካቶሊክ ቤተክርስቲያንን፣ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያንን ርክብ ተካይዱ ኔሩ፤ እዚ ርክብ እዚ ብPRO-OREINTED GROUP ዝተወደበ ኔሩ። ቀንዲ ዕላማ ርክብና ኣብታ *"ሰግው ቃል ሓደ ባህሪ እግዚአብሔር"* ትብል ቃል ቅዱስ ቄርሎስ ንምዝታይ ኔሩ።**

**ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ንጉባኤ ቁልኬዶንን ውሳኔታቱን ኣብ 451 ዓ.ም. ምስ ኣወገዘቶ ምፍልላይ ተፈጥረ። በዚ ከኣ ሞኖፎሳይትስ (Monophysites) ተባሃልና። ብሓደ ባህሪ ዝኣምኑ ማለት እዩ። ነዚ እምነት ዝቅበሉ ኤርትራ፣ ግብጺ፣ ኢትዮጲያ፣ ኣርሜንያ፣ ህንድን፣ ሶርያን እየን። በዚ ከኣ "ዘይቁልኬዶናውያን" ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ይበሃሉ፣ ወይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ይበሃሉ።**

**ብኣንጻሩ ቁልኬዶናውያን፣ ካቶሊክን፣ ግሪክ ቤተክርስቲያን፣ ናይ ሮማ ኦርቶዶክስ፣ ከምኡውን ፕሮቴስታንት ኣብ ክልተ ባህሪ ይኣምኑ። በዚ ከኣ ዳዮፊይሳይትስ (Diophysites) ይበሃሉ። ብክልተ ባህሪ ዝኣምኑ ማለት እዩ። ናይ ሮማ ወይ ቁልኬዶናውያን-ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ዝበሃሉ ግሪክ፣ ቆጽሮስ፣ ሩሲያ ሮማንያ፣ ሃንጋሪን፣ ሰርቢያ የጠቓልሉ።**

**ሞኖፎሳይትስ[2] ሓደ ባህሪ ኢሎም ንዝኣምኑ ክርስቲያናት መጸዊዒ ስም እዩ። ብሰንኪ እዛ ቅንዕቲ እምነት ኣብ ሙሉእ ዓለም ብፍላይ ኣብ ግብጺን፣ ሶሪያን ካብ 451 ዓ.ም. (ጉብኤ ቁልኬዶን ዝተገብረሉ ዕለት) ክሳብ 641**

---

[1] ኣብቲ ናይ ዓረብን ኢንግሊሽን መጽሓፍ ከምዚ ይብል "ምእንቲ እቲ ህጻን ብዘይ ጥንተ ኣብሶ ክዉለድ መንፈስ ቅዱስ ንማሕጸን ድንግል ቀደሶን ኣንጽሆን»

[2] Monophysites ማለት ኣብ ሓንቲ ባህሪ ጥራይ ማለት ወይ ኣብ መለኮት ወይ ዉን ኣብ ትስብእት ጥራይ ዝኣምኑ ማለት እዩ። 'ሞኖ' ማለት፣ ሓደ ማለት እዩ። እዚ እምነት ቤተክርስቲያን ኣይኮነን፣ንሕና Miaphysites ኢና ንበሃል። Mia ሚያ ማለት፣ ናይዚ ክልተ ባህሪ ዉሕደት ማለት እዩ። ስለዚ ቤተክርስቲያን ኣብ መለኮታዊ ባህሪ ወይ ኣብ ስጋዊ ባህሪ በበይኑ ኣይትኣምንን፣ ኣብ ሓደ ኣካል ክርስቶስ እዞም ክልተ ባህሪ ተወሃሂዶም ኢሏ ትኣምን።

ዓ.ም. ብዙሓት ኣመንቲ ብዙሕ ስቅያት ወሪድዎም እዩ።

ሞኖፎሳይትስ "ሓደ ባህሪ ኣመንቲ" ትብል ኣጸዋውዓ ብዙሓት ሰባት ብፍላጥ ኮነ ብዘይ ፍላጥ ብጌጋ ክትርጉምዋ ጸኒሖም እዮም። ቤተክርስቲያን ንሓደ ባህሪ ተቀቢላ ነቲ ሓደ ከም ትነጽጎ ጌሮም ይዛረቡ።

ቤተክርስቲያን ካብዞም ክልተ ባህሪያት ማለት መለኮታዊን ስጋዊን ባህሪ ነየናይ እያ ትቅበሎ ነየናይ እያ`ከ ትነጽጎ? ቤተክርስቲያን ንመለኮታዊ ባህሪ ኣይትነጽጎን፣ ኣብ 325 ዓ.ም. ኣብ ጉብኤ ኒቅያ መለኮታዊ ባህሪ ጐይታ ዝከሓደ ኣርዮስን፣ ቅድሚኡን ዝነበሩን ብድሕሪኡ ዝመጽኡን ዘወገዘቶም ቀንዲ ምክንያት ከኣ መለኮታዊ ባህሪ ጐይታ ስለትኣምነሉ እያ። ንስጋዊ ባህሪ ጐይታ`ኸ? ነዚውን ኣይትክሕዶን! ቅዱስ ኣትናትዮስ ኣብ ስግው ቃል (THE INCARNATION OF THE WORD) ትብል ዓባይን ጥንታዊት መጽሓፉ ኣስፊርዎ ይርከብ።

"ሓደ ባህሪ" ማለት ንመለኮታዊ ወይ ንስጋዊ ባህሪ በበይኑ ፈሊኻ ምዝራብ ዘይኾነስ፤ እንታይ ደኣ ነቲ ብዉህደት ናይዘን ክልተ ባህሪያት ዝተረኽበ ሓደ ባህሪ ማለት "ባህሪ ናይቲ ስግው ቃል" እዩ ዘመልክት።

ኣብ ባህሪ ደቂ ሰባት መጺእና ክልተ ባህሪ ንረክብ፣ ስጋን፡ ነፍስን። ናይ ደቂ ሰባት ባህሪ ናይ ስጋ ባህሪ ጥራይ እዩ፣ ወይ ናይ ነፍሲ ባህሪ ጥራይ እዩ ኣይንብልን። እንታይ ደኣ ብዉህደት ስጋዊ ባህሪን፣ ነፍሳዊ ባህሪን "ሓደ ባህሪ ወዲ ሰብ" ይፍጠር። ብተመሳሳሊ ኣብ ባህሪያት ጐይታ መጺእና መለኮትን ስጋን ፈላሊና ዘይኮነስ ብተዋህዶ ኢና ንርእዮም። ደሓር ኣዕሚቅና ክንዛተየሉ ኢና።

ቅ.ቄርሎስ ድሕሪ ተዋህዶ ክልተ ባህሪ ከይንብል ኣጠንቂቑና። ስለዚ መለኮታዊ ባህሪ ምስ ስጋዊ ባህሪ ኣብ ማህጸን ድንግል ማሪያም ምስ ተዋሃሃደ፣ ክልተ ባህሪ ኢልና ኣይንዛረብን፤ ምክንያቱ ምፍልላይ ስለዘምልክት። እዞም ክልተ ባህሪ ኢሎም ዝኣምኑ፣ ዋላኳ ተዋህዶ ይቀበልዎ ደኣእምበር ኣብ ጉባኤ ቄልኬዶን ነዚ ክሕደቶም ኣዊጆም እዮም። ብሰንኪ እዚ ምክንያት እዩ ከኣ ቤተክርስቲያን ንጉባኤ ቄልኬዶን ዘወገዘቶ። በቲ ዝተፈጥረ ዉግዝትዉን ንቅዱስ ዲዮስቆሮስ ዘእስክንድርያ ተሰዲዱ።

"ሓደ ባህሪ"ን "ክልተ ባህሪ"ን ኢልና ቅድሚ ምዝርራብና ኣብ ክርስቶስ ባህሪ ናይ ክሕደት ትምህርቲ ዝመሃሩ ዓበይቲ መናፍቃን ንርአ።

## ኣብ ክርስቶስ ባህሪ ክሕደት ዝመሃሩ ዓበይቲ መናፍቃን

**ሀ. ኣርዮስን ኣርዮሳውያንን**

**ኣርዮስ ንጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣምላኽ ኣይኮነን ምስ ኣቦውን ማዕረ ኣይኮነን፣ ንሱ ፍጡር እዩ፣ ብምባል ክሕደት ዝመሃረ መናፍቅ እዩ። በዚውን ኣብ ኒቅያ ኣብ 325 ዓ.ም. ዝተገብረ ዓለምለኻዊ ጉባኤ ተወጊዙ እዩ። ድሕሪ ውግዘቱ ግና ንሱን ሰዓብቱን ኣብ ቅድስት ቤተክርስቲያን ዓቢ ጥርጥርን ምስሕሓብን ፈጢሮም እዮም። ሱር ሰዓብቲ ኣርዮስ ክሳዕ ሕጂውን ኣለው፣ ንኣብነት ናይ የሆዋ መሰኻኽር!**

**ለ. ኣቢሊናርዮስ**

**ኣቢሊናርዮስ ዋላኺ ናይ ክርስቶስ ኣምላክነት ተኣመነ ፍጹም ሰብ ምኳኑ ግና ክሒዱ እዩ። ክርስቶስ ነፍሲ ዘይብሉ ስጋ እዩ ተወሃሂዱ፣ ኣብ ክንዲ ነፍሲ መለኮት ህይወት ስለዝሀብ ነፍሲ ኣየድልዮን እዩ ኢሉ መሃረ። እዚ ማለት ፍጹም ሰብኣዊ ባህሪ[3] ጐይታ ምክሓድ ስለዝኾነ ኣብ 381 ዓ.ም ኣብ ጉባኤ ቁስጥንጢንያ ንሱን ክሕደቱን ተወጊዙ እዩ።**

**ሐ. ንስጥሮስ**

**ኣብ 428 ዓ.ም. ናይ ቁስጥንጢንያ ሊቀ ጳጳስ ዝነበረ ኮይኑ፣ ድንግል ወላዲተ ኣምላክ ክትብሃል የብላን ኢሉ ስለዝከሓደ ኣብ 431 ዓ.ም. ኣብ ጉባኤ ኤፌሶን ተወጊዙ። ቅድስት ድንግል ማሪያም መለኮት ዘይብሉ (መልኮታዊ ዘይኮነ) ህጻን እያ ወሊዳ፣ ደሓር ግና መለኮት ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ሓደረ፣ ስለዚ ድንግል ወላዲተ ክርስቶስ (Christokos) ደኣእምበር ወላዲተ ኣምላክ (Theotokos) ክትብሃል የብላን ኢሉ መሃረ።**

**ካህን ንስጥሮስ ዝነበረ ኣናስታስዮስ ነዚ ክሕደት ክምህር እኳ እንተጀመረ ቀጺሉ ባዕሉ ንስጥሮስ ድንግል ማሪያም ወላዲተ ኣምላክ ክትብሃል የብላን ዝብል ጽሑፍ ዝሓዘለ ሓሙሽተ መጽሓፍቲ ብምሕታም ክሕደቱ ኣወጀ። ብከምዚ መንገዲ ከኣ ናይ ክርስቶስ ፍጹም ኣምላክነት ክሒዱ ተረኽበ።**

***"መለኮት ኣብ ልዕሊ ጐይታ ወሪዱ ሓደረን መልእን እምበር ፍጹም ተዋህደ ኣይነበረን። ግን ጸጋ እግዚአብሔር ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ከም ዝሓድር ከምኡ ከኣ መለኮት ኣብ ልዕሊ ክርስቶስ ሓደረ"*** **ብምባል መሃረ።**

**እዚ ማለት ክርስቶስ ኣብ ግዜ ጥምቀቱ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝዓሰሎ ከምኡ ከኣ መለኮት ኣብ ልዕሊኡ ሓደረ ማለቱ እዩ። ንቅዱስ ኣግናጥዮስ ዘኣንጾክያ ተሰካሚ ኣምላኽ (Theophorus) ዝብል ናይ ክብሪ ሽም ከም ዝተዋህቦ ማለት እዩ።**

**ፍጡር ንፈጣሪ ክወልድ ስለዘይክእል ድንግል ማሪያም ንኣምላኽ ክትወልድ ኣይትክእልን እያ። ካብ ስጋ ዝውለድ ስጋ እዩ ብምባል ትምህርቱ ይገልጽ። መለኮታዊ ባህሪ ምስ ስጋዊ ባህሪ ዝተራኸቡ ድሕሪ ሕርሲ ማለቱ እዩ። ብከምዚ መንገዲ ከኣ ክልተ ባህሪ ኣሎ ኢሉ ኣወጀ። እዚ ብምባሉ ኣብ ድሕነት ዘለዎ እምነት፣ ፍሉይ ምኻኑ የረድኣና። ጐይታ ክርስቶስ ምስ መለኮት ፍጹም እንተዘይተወሃሃደ ንሓጢኣት ኣብ ኩሉ ዕድመ ንዝርኸቡ ንብሙሉኡ ህዝቢ ዓለም ንብሙሉኡ ወለዶ ዝኸውን ዘልኣለማዊ መስዋእቲ ክቕርብ ኣይመኽኣለን።**

---

[3] ፍጹም ሰብ ማለት ሰብ ዝዉንኖ ዘበለ ኩሉ ምዉናን ባህሪ ምግባር እዩ

ቤተክርስቲያን ድንግል ማሪያም ወላዲተ ኣምላክ ኢላ ክትጽውዓ ከላ ናይ መለኮታዊ ባህሪ ምንጪ ስለዝኮነት ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ ንስግው ቃል  ስለዝወለደት ደኣእምበር። እግዚኣብሔር ቃል (እግዚአብሔር ወልድ) ባዕሉ ንድንግል ፈጢሩ ኣዳለዋ። ምልኣት ግዜ ምስ ኣኸለ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ካብ ስግኣ ስጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ብምውሳድ ኣብ ማህጸና ብፍጹም ተዋህዶ ሓደረ። ንሳዉን ጠነሰት። መለኮት ዘተዋሃሃደ ናጽላ ንትሽዓተ ወርሒ ኣብ ማህጸና ተሰኪማ ኣብ መወዳእታ ከኣ ንስግው ቃል[4] ወለደት።

ቅዱስ ቄርሎስ ዓቢ ኣብ ዘመሓላላፎ 12 ውግዘት ዘለዎ ጽሑፍ ንከሓዲ ንስጥሮስ መልሲ ሂብዎ እዩ። ንሱ ነቶም፣ ክልተ ባህሪ ብፍጹም ኣይተወሃሃደን፣ ወይ እግዚአብሔር ቃል ኣብ ክርስቶስ ሓዲሩ ስርሑ ፈጺሙ፣ ወይ ኢየሱስ ናይ እግዚአብሔር ቃል መሕደሪ እዩ፣ ወይ ኢየሱስ ሰብ እዩ ኢሎም ካብ እግዚአብሔር ቃል ዝፈልይዎ ብሙልኦም ኣወጊዝዎም እዩ።

<u>መ.   ኣዉጣኪ</u>

ኣበመኔት ኣብ ቁስጥንጥንያ ትርኸብ ገዳም ዝነበረ ኣውጣኪ ካብቶም ብቅንኣት ኣንጻር ንስጥሮስ ዝተማገተን ዘወገዘን እኳ እንተነበረ ደሓር ግና ናብ ካልእ ክሕደት ወዲቑ። ኣዉጣኪ፣ ስጋ ብመለኮት ስለዝተዋሕጠን ዝሓቀቐን እቲ ስጋ ረቐቐ ተመጠጠ ኢሉ ከሓደ። ጽማቕ ወይኒ ኣብ ባሕሪ ጥብ ምስተብል ዝፍጠር ነገር ማለቱ እዩ። ብከምዚ ከኣ ናይ ክርስቶስ ፍጹም ሰብኣዊ ባህሪ ከሓደ። ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ንኣዉጣኪ ኣወጊዝዎ እኳ እንተነበረ ተጋግዬ እየ ሕጂ ግና ተመሊሰ ኣለኹ ስለዝበለ። ነቲ ክሕደቱ ከይደግሞ ብምጥንቃቅ ፈትሖ። ደሓር ግና ተመሊሱ ናይ ክሕደቱ መለከት ክነፍሕ ምስ ጀመረ ብጉባኤ ቁልኬዶንን። ብኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያንን ተወጊዙ እዩ።

<u>ጉባኤ ቁሊኬዶን</u>

ዋላ`ኳ ንስጥሮስ ኣብ ጉብኤ ኤፌሶን ተወጊዙ እንተተረፈ። ሱር ናቱ ስለዝቀጸሉ ንጉባኤ ቁልኬዶን ክጸልዎ ክኢሉ እዩ። በዚ ከኣ እቲ ክርስቶስ “ክልተ ባህሪ” እዩ። መለኮታዊን ስጋዊን፣ ብመለኮቱ ተኣምር ይገብር፣ ብስግኡ መከራን ስቃይን ይቕበል ዝብል ትምህርቲ ክዕብልል ጀመረ።

ነዚ ሱር ክሰዕብ ዝጸንሐ ናይ ሮማ ሊቀጳጳስ፣ ብቕድስት ቤተክርስቲያን ዝተወገዘ “ክልተ ባህሪ” ዝብል ትምህርቲ ሒዙ ኣብ ጉባኤ ቁልኬዶን ናይ ክህደት ባንዴርኡ ሰቐለ። እቶም ኣብቲ ጉባኤ ዝተረኸቡ ነቲ ሓሳብ ተቐበልዎ። “ክርስቶስ ክልተ ባህሪ” እዩ፣ መለኮት ዕላምኡ ይፍጽም ስጋ ከኣ ግቡኡ ይገብር ብምባል ከሓዱ። ቤተክርስቲያን ነዚ ጉባኤ “ጉባኤ ከለባት” (ናይ ኣካልብ ጉባኤ ማለት እዩ) ኢላ ትጽውዓ። ምኽንያቱ ናይ ነገስታት ድሌት ንምፍጻም ተባሂሉ ዝተገብረ ስለዝኮነ። ብከምዚ ከኣ ኣብ መንጎ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያንን ካቶሊክን ፍልልይ ተፈጥረ። ንሕናን ካቶሊክን ብእምነትና ኾነ ብስርዓትና ፍጹም ዝተፈላለና ኢና።

ንስጥሮስ ነዞም ክልተ ባህሪ ፍጹም ፈላልይዎም እዩ። ጉባኤ ቁስጥንጥንያ ክርስቶስ “ሓደ ባህሪ” እዩ ኢላ`ኳ እንተጸደቐት ንስጥሮስ ግና ክልተ ባህሪ እዩ ብምባል ነጺግዎ። ክርስቶስ ክልተ ባህሪ ከም ዘለዎ፣ ከምኡ ከኣ ክልተ ፍቓድን ክልተ ግብርን ኣለዎ።

ናይዚ ክልተ ባህሪ ትምህርቲ ሱር ብምስዳዱ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ እምነታት ክትዕ የላዕል ብምህላዉ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኣብ ክርስቶስ ባህሪ ዘለዋ ትምህርቲ ብሓቀኛ ጽሑፍ ብንጹር ተቕርብ ኣላ።

---

[4] The incarnated Logos

## ባህሪ ናይዚ ተዋህዶ

ተዋህዶ ብዘይ ምትሕውዋስ (ቱሳሄ)፣ ምቅይያር (ሚጠት)፣ ምልውዋጥ (ውላጤ) እዩ። “ሓደ ባህሪ” ማለት ፍጹም ተዋህዶ ማለት እዩ። እዚ ከም ስርናይን መሽላን፣ ከም ሻሂን ጸባን፣ ወይ ከም ማይን ወይንን ምትሕውዋስ ኣይኮነን። ከም ቀመማዊ ምግርጫውውን (Chemical reaction) ውን ኣይኮነን። ንኣብነት ካርቦንዳይኦክሳይድ ($CO_2$) ካብ ካርቦንን (Carbon) ኦክስጅንን (oxigen) እዩ ዝፍጠር። እዞም ክልተ ባእታታት ምስተጋጨዉ (after reaction) ካልእ ሓድሽ ነገር (ካርቦንዳይኦክሳይድ) ይፈጥሩ። እዞም ክልተ ባእታታት ነቲ ዝነበሮም ባህሪ ኣጥፊኦም እዮም ካልእ ባህሪ ዘለዎ ቀመም ዝፈጥሩ። ቅድሚ ርክቦም ዝነበረ ባህሪ ድሕሪ ርክቦም ኣይንረኽቦን ኢና። ኣብ ውህደት መለኮትን ስጋን ግና ከምዚ ኣይኮነን። ቅድሚ ተዋህዶ ዝነበረ ባህሪ ድሕሪ ተዋህዶውን ኤሩ።

ውህደት ናይዞም ክልተ ባህሪ ብዘይ ምልውዋጥ (ውላጤ) እዩ። መለኮታዊ ባህሪ ናብ ስጋዊ ባህሪ ኣይተለወጠን። ስጋዊ ባህሪውን ናብ መለኮታዊ ባህሪ ኣይተለወጠን። መለኮት ዝነበሮ ባህሪ ኣጥፊኡ ናይ ስጋ ባህሪ ኣይሓዘን። ስጋውን ዝነበራ ባህሪ ኣጥፊኣ ናይ መለኮት ባህሪ ኣይሓዘትን። ናይዞም ክልተ ባህሪ ተዋህዶ ብዘይ ምትሕውዋስ፣ ምቅይያር፣ ምልውዋጥ ዝተፈጸመ፤ ንፍጹም ሓድነት ዘለዎ ሓደ ባህሪ ዝፈጠረ እዩ። ኣብነታት ክንርኢ ኢና።

## ተዋህዶ ናይ ሓጺንን ሓውን



ቅድም ቅዱስ ቄርሎስ ደሓር`ውን ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ነዚኣ ኣብነት ተጠቂሞምላ እዮም። ሓጺን ኣብ ጓህሪ ሓዊ ምስ ተርስዖ እቲ ሓዊ ረሲኑ ምስ ሓዊ ይወሃሃድ`ሞ ይቀይሕ። ኣብ ዝረሰነ ሓጺን (ዝጉሃረ ሓጺን) ክልተ ባህሪ ኣሎ ኣይንብልን እኳ ደኣ ሓጺን ምስ ሓዊ ተዋሃሂዱ ንብል። ብተመሳሳሊ ኣብ ባህሪ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን ከምዚ እዩ። ስጋ ዝለበሰ ኣምላኽ ደኣምበር “ኣምላክን ሰብን” ብምባል ክልተ እዩ ኣይንብልን።

ኣብ ውህደት ሓጺን ምስ ሓዊ፥ እቲ ሓዊ ናብ ሓጺን ወይ እቲ ሓጺን ናብ ሓዊ ኣይቅየርን። ክልቲኦም ባህሪያት ብዘይ ምቅይያር፣ ምልውዋጥ፣ ምትሕውዋስ፣ ተዋሃሂደም። ዋላ`ኳ ነዚ ባህሪ`ዚ ንንውሕ ዝብለ ጊዜ ክዕቅብዎ ኣይክኣሉ እምበር ኣብ ርሱን ሓጺን ነዚ ባህሪ`ዚ ንረኽቦ ኢና። ብተመሳሳሊ ኣብ ባህሪ ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ኢና ንረኽብ።

## ተዋህዶ ስጋን ነፍስን



ኣዚ ኣብነት እዚ ብቅ. ቄርሎስ፣ ቅ. ኦውግስጢን[5] ብናይ ጥንታውያንን ዘመናውያን ሊቃውንት ተነጊሩ እዩ። ሰብ ስጋን ነፍስን ዝሓዘ ፍጡር እዩ። ነፍሲ ንስጋ ህይወት ይህቦ ስጋ ከኣ ንነፍሲ ዓቂባ ንህይወት ዘድሊ ነገር ትሰርሕ። ስጋን ነፍስን ተወሃሂደን እየን። ነፍሲ ብዘይ ስጋ ክትቀውም ኣይምኽኣለትን ስጋውን ብዘይ ነፍሲ ህይወት ኣይምሃለዋን። ነፍሲ ባህሪያታ ከየጥፍአት ምስ ኣካላዊን ምድራዊን ባህሪ ዘለዋ ስጋ ተዋሃሂዳ ሓደ ባህሪ ማለት ሰብኣዊ ባህሪ ትህብ።

እዚ ተዋህዶ`ዚ ንስጋ ጥራይ ወይ ከኣ ንነፍሲ ጥራይ ኣይሓዘን፣ እዘን ክልተ ባህሪያት ብዘይ ምትሕውዋስ፣

---

[5] Saint Augstine ኣዉግስጢን፣ ኣብ ዓድና ብዙሕ ዘይፍለጥ፣ ኣብ መጽሓፍ ፍትሃ ነገስትን ሃይማኖተ ኣበዉን፣ ስሙ ዘይርከብ ኣብ ምዕራብ ዝፍለጥ ሊቅ ናይ ቤተክርስቲያን እዩ። ናይ ሂፖ ትበሃል ኣብ ከባቢ ሰሜን ኣፍሪካ (ሊባዊ መቦቀል ዘለዎ) ትርከብ ከተማ ጳጳስ ዝነበረ ቅዱስ ኣቦ ኮይኑ፣ ካብቶም ናይ ላቲን ኣቦታት ተባሂሎም ዝፍለጡ ኣቦታት እዩ።

ምቅይያር፣ ምልዉዋጥ፣ ዝተዋሃሃደ ሓደ ፍጹም ሰብኣዊ ባህሪ እዩ። ነፍሲ ናብ ስጋ ወይ ስጋ ናብ ነፍሲ ከይተቐያየራ በባህርያተን ዓቂበን ይጸንዓ። ክልቲኦም ብባህሪኦምን፣ ብነገራቶም ሓድነት ስለዝፈጠሩ ሓደ ሰብ ወይ ሓደ ባህሪ ንብል።

ኣብ ሰብ ቀድሚ ተዋህዶ ክልተ ባህሪ (ስጋን ነፍሲን) ከምዝነበረ ኩላትና ንቕበሎ ኢና ድሕሪ ተዋህዶ ግና ክልተ ባህሪ ኣይንብልን። እምበኣር ኣብ ናይ ሰብ ባህሪ ተዋህዶ ካብ ኣመንና ኣብ ክርስቶስ ባህሪ`ኸ ስለምንታይ ዘይንኣምን?

ኣዕሙቕ ኣቢልና ተሪእናዮ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰለስተ ባህሪ ንረክብ፤ መለኮት፣ ስጋን፣ ነፍሲን፣ ሰለስተ ባህሪ ኣይንብልን እዚ ኣምር እዚ ብኩሉ ወገናት ዘይቅቡል እዩ።

ኣብ ባህሪያተ ክርስቶስ ስጋን መለኮትን ከምዝተወሃሃዱ እንተኣሚንና “ሓደ ባህሪ ክርስቶስ” ወይ “ሓደ ባህሪ እግዚአብሔር ስግው ቃል” ንብል። መለኮታዊ ባህሪ ካብ ስጋዊ ባህሪ ዝተፈልየ እዩ ከመይ ጌሮም ይወሃሃዱ? ኢሎም ዝሓቱ ይህልዉ ይኾኑ መልስና ከኣ ከም ስጋን ነፍሲን እዩ። ባህሪ ስጋ ካብ ባህሪ ነፍሲ ዝተፈልየ ክነሱ ብፍጹም ተዋህዶ ሓደ ባህሪ ሰብ ይህበና። ኣብ ባህሪ ክርስቶስ ዉን ብተመሳሳሊ ይወሃሃዱ።

ኣብ ሰብኣዊ ባህሪ፣ ስጋ ምስ ነፍሲ ብፍጹም ተወሃሂዱ ሓደ ባህሪ ሰብ ይህበና። ባህሪያት ስጋ ካብ ባህሪያት ነፍሲ ፍጹም ዝተፈለየ እዩ። ነፍሲ ዘይትጭበጥ ዘይትርአ እያ ንስጋ ከኣ ህይወት ትህባ። ስጋ ብኣንጻሩ ትርአ ትድህሰስ ትጭበጥ እያ፣ እዚ ዝኣክል ፍልልይ እንከለዎም ነፍሲ ምስ ስጋ ብፍጹም ተወሃሂዳ ስርሓ ትሰርሕ። ሰብ ካብ ክልተ ባህሪ ስለዝተፈጥረ ክልተ ሰብ ኣይንብልን። ኩሉ ግብሪ ሰብ ካብ ዉህደት ነፍሲን ስጋን ይምንጭው። ስጋ ጥራይ ከምዚ ኮይኑ ወይ ነፍሲ ጥራይ ከምዚ ኮይና ኣይንብልን። ንኣብነት ክንቕንዞ፣ ክንደክም፣ ክንድቅስ፣ ክንበልዕ..ወዘተ ክንገብር ከለና ስጋና ጥራይ ከምዚ ኮይና ኣይንብልን እኳ ደኣ ብሓድነት ንገልጾ። ብተመሳሳሊ ክነስተንፍስ ከሎና ነፍሲ ጥራይ ከምዚ ኮይና ኣይንብልን ብሓድነት ኢና ንኩሉ ግብሪ ሰብ ንገልጾ። እምበኣር ኣብ ሰብ፣ ነፍሲን ስጋን ብፍጹም ተወሃሂደን ሓደ ባህሪ ሰብ ከምዝህባና፣ ኣብ ባህሪ ክርስቶስዉን ዉህደት መለኮትን ስጋን ከምኡ እዩ። ጐይታ ከምዚ ኮይኑ ደኣ ንብል እምበር መለኮት ጥራይ ከምዚ ኮይኑ ወይ ስጋ ጥራይ ከምዚ ኮይኑ ኣይንብልን።

ኩሉ ግብሪ ክርስቶስ ካብ ሓደ ዝተወሃሃደ ፍጹም ባህሪ ዝምንጭው ደኣምበር ካብ ስጋ ጥራይ ወይ ካብ መለኮት ጥራይ ዝምንጭው ኣይኮነን። ከምቲ ኣብ ሰብ፣ ስጋን ነፍሲን ብፍጹም ዝተወሃሃዳ ከምኡ ከኣ ኣብ ማህጸን ድንግል ማሪያም ስጋ ምስ መለኮት ፍጹም ተወሃሂዱ እዩ። ስጋ ምስ ነፍሲ ተወሃሂደን ሓደ ሰብኣዊ ባህሪ ከም ዝህባና ካብ ኣመንና ስጋ ምስ መለኮት ተወሃሂዱ ሓደ ባህሪ ክርስቶስ ከምዝህበና ክንኣምን ይግብኣና።

ከምቲ ኣብ ጉባኤ ቄልኬዶን ዝተገልጸን ንስጥሮስ ዝመሃሮን ዘይኮነስ፤ ከምቲ ኣብ ሰብ፣ ስጋ ምስ ነፍሲ ፍጹም ዝተወሃሃዱ ኣብ ማህጸን ድንግል ማሪያም ዉን ስጋ ምስ መለኮት ፍጹም ተወሃሂዱ እዩ። እዚ ተዋህዶ እዚ ፍጹም ኣማናዊ እዩ።

ናይ ስጋን ነፍሲን ተዋህዶ ፍጹም እኳ እንተኾነ ኣብ ግዜ ሞት ነፍሲ ካብ ስጋ ከመይ ጌራ ትፍለን፣ ኣብ ግዜ ትንሳኤ ከኣ ከመይ ጌራ ትወሃሃድ ግና ክግለጽ ኣይክኣልን። ኣብ ባህሪ ክርስቶስ ግና ስጋን መለኮትን ፍጹም ተፈላልዮም ኣይፈልጡን። ንደቒቕ ይኹን ዋላ ክንዲ ቋሕ ሰም ናይ ዓይኒ ትኣክል ግዜዉን ተፈልዩ ኣይፈልጥን።

# [4]
## ባህሪ ተዋህዶን ልደት ክርስቶስን

ድንግል ንመን ወሊዳ? ንመለኮት ጥራይ ድያ? ዋላስ ንሰብ ጥራይ እያ ወሊዳ? ወይስ ንመለኮትን ስጋን ዘወሃሃደ ኣምላኽ እያ ወሊዳ?

ንመለኮት ጥራይ እያ ወሊዳ ኣይንብልን፣ ምክንያቱ እቲ ዝተወልደ ህጻን ብሰብ ተራእዩ ተሓቑፉ እዩ። መለኮት ኣይርአይን ኣይጭበጥን እዩ። ንሰብ ጥራይ`ውን ኣይወለደትን ምክንያቱ **"መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ሓይሊ ልዑል ውን ክጽልለኪ እዩ። ስለዚ ክኣ እቲ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ክበሃል እዩ"** /ሊ.ቃ 1፥35/ ብምባል እቲ ህጻን ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ እዩ ዝነግረና። ስም ጐይታና፣ ኣማኑኤል እዩ፣ ትርጉሙ ክኣ "እግዚአብሔር ምሳና" ማለት እዩ /ማቴ 1፥23 ኢሳ 7፥14/። ጐይታና እግዚአብሔር ካብ ሰማይ ወሪዱ ምሳና ኣብ ምድሪ ብስጋ ስለዝተገልጸ ኣማኑኤል ተባሂሉ። ነብይ ኢሳይያስ **"ህጻን ተወሊዱልና ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ እቲ ግዝኣቱ ክኣ ኣብ መንኩቡ እዩ ስሙ ውን ግሩም፣ መካር፣ ብርቱዕ ኣምላኽ፣ ኣቦ ዘለኣለም፣ መስፍን ሰላም፣ ክስመ እዩ"** /ኢሳ 9፥6/። ብምባል ኣምላኽነት እቲ ህጻን ብንጹር ጺሒፉልና እዩ። ስለዚ እቲ ዝተወልደ ህጻን ኣምላኽ ጥራይ ወይ ሰብ ጥራይ ኣይኮነን ግና ኣምላኽን ሰብን፣ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ። ንስጋ ዝተወሃሃደ ኣምላኻዊ ህጻን እዩ። ንሱ ማለት ክርስቶስ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ፣ ወዲ ኣምላኽ እዩ። ኣማኑኤል እዩ፤ መካር ብርቱዕ ኣምላኽ ኣዩ። ብተዋህዶ ሰብ ኣምላኽ ኮነ፣ ኣምላኽ ሰብ ኮነ።

ቅድስት ድንግል ማርያም፣ እቲ ሓደ ኣምላኽ እቲ ሓደ ክኣ ሰብ ዝኾነ ክልተ ውላድ ኣይወለደትን፥ እንተትወልድ ክኣ ክልተ ውላድ ወሊዳ ተባሂሉ ምተጻሕፈ ኔሩ። ስለዚ ክልተ ውላድ ካብ ዘይወለደት። ንሳ ንመን ወሊዳ? ድንግል "ንስጋ ዝተወሃሃደ ኣምላኽ" እያ ወሊዳ። ክርስቶስ እቲ ሓደ ዝምስገን ዝምለኽ ኣምላኽ፥ እቲ ሓደ ክኣ ዘይምለኽ ሰብ ተባሂሉ ብምንታዌ (dual) ነገር ዝሰበኽ ኣካል ኣይኮነን። መለኮታዊን ሰብኣዊን ባህሪ ክርስቶስ ኣይፈላለይን። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዘሓዋርያ ብዛዕባ ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ **"ንሱ ነቲ ሓደ ንሰግደሉ ነቲ ሓደ ክኣ ዘይንሰገደሉ ክልተ ባህሪ ኣይኮነን ግና ኣምልኮትና ሓደ ባህሪ ንዝኾነ ስጋ ዝለበሰ ቃል እዩ። ኣብ ቅድሚኡ ውን ንሰግድ"** ብምባል ሚሂሩና እዩ። መለኮት ካብ ሰብኣዊ ባህሪ ፈሊና ኣይኮናን ኣምልኾና ነቕርብ፣ ኣብ መንጉኦም ፍልልይ የልቦን። ነቲ ብተዋህዶ ዝነገሰ ስጋ ንዝተወሃሃደ ኣምላክ ኢና እንሰግድ።

ጐይታና ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ኩሉ ዘበን ካብ ኣቦ ዝተወልደ ሓደ ወዱ ንኣባ (ወልድ ኣብ ዋህድ) እዩ። **"ንሱ ቅድሚ ዓለም ብዘይ ኣደ ካብ ኣቦ ተወሊዱ ምልኣት ዘመን ምስ ኣኸለ ካብ ድንግል ማሪያም ብዘይ ኣቦ ተወሊዱ"** ብምባል ሓደ ቅዱስ ኣቦ ገሊጾሞ እዮም። ቅዱስ ጳውሎስ "ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ተሳይጡ ኬውጽኦም ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ክንረኽብሲ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኸ" /ገላ 4።4/ በለ።

እቲ ካብ ድንግል ዝተወልደ፣ ንሱ ወዲ ኣምላኽ እዩ፣ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ውን ወዲ ሰብ እዩ። ወልድ (ቃል) ኣብ ማህጸን ቅድስት ድንግል ብምልኣት ሓዲሩ ካብኣ ሰባኣዊ ባህሪ ወሲዱ፣ ንሳውን ነዚ ስጋ ዝተወሃሃደ ኣምላክ ወለደቶ። እዚ ካብቲ ንስጥሮስ ዝመሃሮ ይፍለ እዩ።

ንስጥሮስ ድንግል ንሰብ እያ ወሊዳ ደሓር ግና ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እቲ ህጻን ሓደረ። ኣብ ክርስቶስ ተዋህዶ የለን ግና ክርስቶስ ንኣምላኽ እዩ ተሰኪሙ ብምባል ንክርስቶስ ክም ተሰካሚ ኣምላኽ ማለት Theophorus ጌሩ

ገሊጽዎ።

እዚ ሓቂ ኣይኮነን። ቃል ኣብ ማህጸን ድንግል ማርያም ሓዲሩ ካብ ስጋኣ ስጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ብምውሳድ ብፍጹም ተዋህዶ እዩ ተወሊዱ። ነዚ እዩ ከኣ ነቲ ዝተወልደ ህጻን ነምልኾን ኣብ ጸሎት ናይ ኪዳን`ውን "ቅዱስ እግዚአብሔር ቅዱስ ሓያል ቅዱስ ህያው ካብ ድንግል ዝተወለድኻ ምሕረት ግበረልና" እንዳበልና ንጽሊ። ቅዱስ ገብርኤል መልኣክ ንድንግል "እቲ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ክበሃል እዩ" ብምባል እዩ ኣበሲርዋ።

መለኮትን ስጋን ኣብ ማህጸን ተወሃሂዱ። ድንግል ንስጋ ዝተወሃሃደ ኣምላኽ ኣብ ማህጸና ተሰኪማ ናብ ቅድስት ኤልሳቤጥ ዘመዳ ኣብ ዝበጽሓትሉ ግዜ እታ ዝተቐደሰት ኣረጊት ሰበይቲ "ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጽኢ'ኺ እዚ ካበይ ይኮነለይ" /ሉቃ 1፥43/ ብምባል መሰኪራ እያ። ካብዚ ከምንርድኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ገና ጥንሰቲ ከላ እያ **"ኣደ ጐይታ (ኣምላኽ)" ዝተባህለት። እወ እቲ ተጠኒሱ ዝነበረ ህጻን ጐይታ እግዚኣብሔር ስለዝነበረ። ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት "ብሓደ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ሓደ ወዱ ንኣቦ ንኣምን.... ምእንታና ምእንቲ ደቂሰባት ምእንቲ ምድሓንና ካብ ሰማያት ዝወረደ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማሪያም ስጋ ለበሰ ሰብ ኮነ። ሰብ ኮይኑ ድማ ብዘበነ ጴንጤናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቕለ ሓመመ መከራ መስቀል ተቐበለ ሞተ ተቐብረ ኣብ ቅዱሳት መጻሓፍቲ ከም ዝተጻሕፈ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታት ተፈልዩ ተንሰአ"** ብምባል ንጽሊ።

ስለዚ እቲ ሓደ ወዱ ንኣቦ[6]፣ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ስጋ ለቢሱ ካብ ድንግል ዝተወልደ እግዚአብሔር ወልድ እዩ። እቲ ብንስጥሮስ "መጀመርያ ክውለድ ከሎ ፍጹም ሰብ እዩ ኔሩ ድሕሪ ልደት ኣምላኽ ኣብኡ ሓደረ" ኢሉ ዝመሃሮ ፍጹም ጌጋ እዩ። እዚ ስጋ ዝለበሰ ሓደ ወዱ ንእግዚአብሔር ክርስቶስ ኢየሱስ ቅድሚ ዓለም ካብ ኣቦ ዝተወልደ እዩ። ጐይታ ንኣይሁድ "ኣነ ኣብራሃም ከይተወልደ ከምዘሎኹ" /ዮሃ 8፥5/ ብምባል ቅድሚ ኣብራሃም ከምዝተወልደ ነጊርዎም። ነዚ ክገልጽ ከሎ ከኣ "ኣነ" ኢሉ እዩ ተዛሪብዎም እምበር "መለኮታዊ ባህሪየይ ቅድሚ ኣብራሃም ኔሩ" ኣይበሎምን። እዚ ናይ ባህሪ ውህደት ማለት ተዋህዶ የመልክተና። መለኮትን ስጋን ፍጹም ስለዝተወሃሃዱ "ኣነ" ኢሉ ተዛሪቡ። መለኮትን ስጋን ብፍጹም ተዋሃሂደም እዮም እዚ ከኣ ክፍጸም ዝከኣል ነገር እዩ።

---

[6] ወልደ ኣብ ዋሕድ

# [ 5 ]
# ተኸእሎታት ተዋሕዶ

ተዋህዶ እንተዘይህልው ድሕነት ኣይምተፈጸመን ኔሩ። እግዚአብሔር ኣምላኽ ኣቐድም ኣቢሉ ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ ንደቂ ሰባት ድሕነት እንታይ ከምዘድልይ  ይፈልጥ ስለዝነበረ ኣቐዲሙ ተዳልዩሉን መዲብዎን ዝነበረ ነገር እዩ። ነዚ እዩ ቅዱስ ጳውሎስ “ነቲ ብመሰረት ካብ ዘለዓለም ተሰዊሩ ዝነበረ ሕጂ ግና ዝተገልጸ ሚስጢር…” /ሮሜ 16፥25 / ብምባል ዝተመደበ ነገር ምዃኑ ዘረድኣና።

“ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ዘይሰምዓቶ ልቢ ሰብ ዘይሓለኖ ኣምላኽ ነቶም ዜፍቅርዎ ኣዳልዩሎም ኣሎ” /1 ቆሮ 2፥9/ ትብል ብዛዕባ መንግስተ ሰማያት እትገልጽ ጥቅሲ ሓደ ቅዱስ ኣቦ “እቲ ልቢ ሰብ ዘይሓለኖ ነቲ እግአብሔር ስጋ ለቢሱ (ሰብ ምዃኑ) ንዓና ንደቂሰባት ንከድሕነናን መከራ: ስቅለትን: ሞትን ምቕባሉ እዩ” ብምባል ይትርጉምዎ።

ካልእ ቅዱስ ኣቦ ከኣ “እግዚአብሔር ናብ ፍጡራቱ ብሰለስተ መንገዲ ይግለጽ: ቀዳማይ ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሉ ቦታ ስለዝርኸብ (ሙሉእ ብኩሉሄ)። ካልኣይ ኣብ ቅዱሳኑ ጸግኡ ብምሕዳር። ሳልሳይ ግና ሓንሳብ ጥራይ ዝተፈጸመት ክርስቶስ መለኮትን ስጋን ኣወሃሂዱ ካብ ማህጸን ድንግል ምስተወልደ እዩ” ኢሎም ኢዮም።

## ሓደ ባህሪ ስግው ቃል

ንክልቲኡ ባህሪ ኣወሃሂዱ ዝሓዘ ሓደ ባህሪ፣ ንመለኮታዊን ስጋዊን ባህሪ ብሓድነት ዝሓዘ እዩ። ኩሉ ባህሪ መለኮትን ኩሉ ባህሪ ስጋን ኣወሃሂዱ ዝሓዘ እዩ። መለኮት ግዙፍ፣ ሙሉእ፣ ኣብ ኩሉ ዝርከብ፣ ንኩሉ ዝፈልጥ፣ ዘይጭበጥ፣ ዘይጠሚ፣ ዘይጸምእ፣ ዘይሓምም፣ ዘይመዉት እዩ። ስጋ ብኣንጻሩ ዉሱን፣ ኣብ ሓደ ቦታ ጥራይ ዝርከብ፣ ንኩሉ ዘይፈልጥ፣ ዝጭበጥ፣ ዝጠሚ፣ ዝጸምእ፣ ዝሓምም፣ ዝመዉት እዩ። እዚ ክልቲኡ ባህሪ ብሓድነት (ብተዋህዶ) ኣብ ሓደ ኣካል ኣሎ። ካብ ክልተ ኣካል  ሓደ ኣካል ካብ ክልተ ባህሪን ሓደ ባህሪ ተፈጢሩ።

ኣብዚ ሰብነት፣ ስጋ ናብ መለኮታዊ ባህሪ ኣይተለወጠን፣ ግን ስጋዊ ባህሪኡ ዓቒቡ ምስ ቃል ተወሃሂዱ። ቃልዉን ናብ ስጋዊ ባህሪ ኣይተለወጠን፣ ግን መለኮታዊ ባህሪ ዓቒቡ ምስ ስጋ ተወሃሂዱ። መለኮት ኣይመዉትን ስጋ ግና መዋቲ እዩ፣ ኣብ ግዜ ሞት ግና መለኮት ካብ ስጋ ኣይተፈለየን። መለኮትን ስጋን ተወሃሂዶም እዮም።

ብዛዕባ ሞት ክርስቶስ ኣብ ጸሎት ሶርያዉያን **“ነፍሱ ካብ ስግኡ ተፈልየት። መለኮት ግና ካብ ስግኡን ነፍሱን ተፈልዩ ኣይፈልጥን። ነፍሱ ምስ መለኮት ተወሃሂዳ እንከላ ናብ ገሃነመ ኣሳት ብምዉራድ ነቶም ብእምነት ዝሞቱ ሰበኩሎም ናብ ገነት ክኣትዉ ከፈተሎም ስግኡዉን ምስ መለኮት ተወሃሂዳ እንከላ ኣብ መቃብር ጸኒሓ”** ኢልና ንጽሊ።

ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ መለኮታዊት ነፍሲ ምስ መለኮታዊት ስጋ ተወሃሂዳ። በዚ ከኣ ትንሳኤ ተፈጸመ። ስግው ቃል ጐይታና ኢየሱስ መለኮትን ስጋን ከይፈለየ ነቲ መቃብር ዝዓጸዎ እምኒ ከይከፈተ ብዕጽው ከሎ ካብ መቃብር ወጽአ። ብዕጹው ማዕጾ ብምእታው ምስ ደቐመዛሙርቱ ንክራኸብ ኣክኢልዎ እዩ /ዮሃ 20፥19/ ።

እዚ ተኣምር እዚ መርትዖ ሓደ ባህሪ ኢዩ። ብዕጽው ማዕጾ ዝኣተወ መለኮት ድዩ ስጋ? ካብ ዕጽው መቃብር ዝወጽአኸ? ስጋ ጥራይ ኣይኮነን ምክንያቱ ስጋ ብዕጽው (ብደረቕ) ነገር ክሓልፍ ስለዘይክእል። መለኮት ጥራይ ዉን ኣይኮነን ምክንያቱ ዋላ`ኳ መለኮት ረቒቕ ኮይኑ ብዕጽው ነገር ናይ ምሕላፍ ክእለት ይሃልዎ እምበር ናብ

**ውሽጢ ምስ ኣተወ ግና ብሃዋርያ ቶማስ ተዳህሲሱ መግቢ`ውን ተመጊቡ እዩ። መለኮት ግና ክድህሰስ ክበልዕ ኣይክእልን ። ስጋ ዝተወሃሃደ መለኮት ማለት ስግው ቃል እዩ ብእኡ ሓሊፉ። ስለዝተወሃሃደ መለኮት ብስጋ ተወሲኑ ሓሊፉ። ስጋ ከኣ ንመለኮት ሒዙ ተመጊቡ ተዳህሲሱ። ስለዚ ክልተ ኢልና ኣይንዛረብን። ምክንያቱ ምፍልላይ የስዕብ እዩ ተዋህዶ ኣይምቀልን እዩ። "ተዋህዶ" ዝብል ቃል ኣብ ማህጸን ድንግል ማርያም ዝተፈጸመ "ሓደ ባህሪ" እዩ ዘመልክት።**

## [ 6 ]

## ኣድላይነት ሓደ ባህሪ ንድሕነትን ዕርቅን

*ስግው ቃል ሓደ ባህሪ ኢልኻ ምእማን ንድሕነት መሰረታዊን ኣድላይን እዩ። ድሕነት ክንረኽብ ካሕሳ ክኽፈል ኔርዎ። እዚ ካሓሳ ከኣ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መፈጸምታ ዓለም ንዝተፈጥሩ ኣብ ኩሉ ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ዝክፈል ካሕሳ እዩ። ምስ ዘልኣለማዊ ኣምላኽ ስለዝተባኣስና ምስኡ ክንዕረቕ ድሕነት ክንረኽብ ዘልኣለማዊ ካሕሳ ኣድልየና። መለኮት ካሕሳ ኽኸውን ኣይክእልን ግና ካሕሳ ዝኸውን ስጋ ምስ መለኮት ተወሃሂዱ ዘለኣለማዊ ካሕሳ ከም ዝክፈል ኮይኑ ድሕነት ከኣ ረኺብና። ስለዚ ንደቒሰባት ካሕሳ ኮይኑ ድሕነት ዝሃበና መለኮትን ስጋን ዘወሃሃደ* ***ስግው ቃል*** *እዩ።*

*ስጋዊ (ሰብኣዊ) ባህሪ ጥራይ እዩ ንጉዕዞ ፈጺምዎ ክንብል ኣይንክእልን ምክንያቱ ነቲ ዘልኣለማዊ ካሕሳ ስጋዊ ባህሪ በይኑ ኽከፍሎ ኣይክእልን፤ ምኽምያቱ ስጋ ዘልኣለማዊ ኣይኮነን። መለኮት ጥራይ በይኑ ከኣ ካሕሳ ኽኸፍል ኣይክእልን ምክንያቱ መለኮት ንበይኑ ካሕሳ ክኸውን ኣይክእልን፤ ምክንያቱ ኣይመውትን እዩ። እቲ ካሕሳ ዝኸውን ኣካል ግና ንሞት ክስዕር ናይ ግድን ክመውት ኣለዎ፤ ስለዚ ስጋን መለኮትን ከይተወሃሃዳ ነናተን ስራሕ ሰሪሐን ኢልካ፣ ክልተ ባህሪ ምባል ፍጹም ጌጋ እዩ።*

*ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ መርትዖ ዝኸውን ኣሎ። ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ከረድእ እንክሎ "እንተ ዝፈልጥዎስ ነቲ* ***<u>ጐይታ ክብሪ</u>*** *ኣይምሰቀልዎን ኔሮም" /1 ቆሮ 2፥8/ ብምባል እቲ ዝተሰቕለ ተራ ሰብ ዘይኮነስ "ጐይታ ክብሪ" ምዃኑ መለኮታዊነቱ ኣርጊጹ ይዛረብ። ቅዱስ ጴጥሮስ ብወገኑ ንኣይሁድ "እወ ንስኻትኹም ነቲ ቅዱስን ጻድቕን ክሒድኩምሲ ነቲ ሰብ ዝቐተለ ሰብኣይ ክፍትሓልኩም ለመንኩም። ነቲ* ***<u>ወሃቢ ህይወት</u>*** *ቀተልኩምዎ" /ግብ 3፥14-15/ ኢልዎም። እቲ ዝሞተ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ወሃቢ ህይወት እዩ። ህይወት ዝህብ መለኮት እዩ፤ ግና መለኮት ኣይመውትን፤ ስለዚ እቲ ዝሞተ ንክልቲኡ ባህሪ ዘወሃሃደ ስግው ቃል ሓደ ባህሪ ጐይታ እዩ።*

*ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ እብራውያን ኣብ ዝለኣኾ መልእክቲ "እቲ ኩሉ ምእንትኡ ኩሉውን ብእኡ ዝተፈጥረ፣ ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ ምእንቲ ኬእትዎም ነቲ ድሕነቶም መራሒ ብስቓይ ፍጹም ኪገብሮ ተገብአ" /ዕብራ 2፥10/ ይብል። ኣብዚ ብዛዕባ ስቅያቱ እንዳገለጸ እንክሎ "እቲ ኩሉ ምእንትኡ ኩሉውን ብእኡ ዝተፈጥረ" ብምባል እቲ ዝተሳቐየ መለኮታዊ ምዃኑ ይነግረና። ኣብ ካልእ ቦታውን "...ኩሎም ብእኡ ዝተፈጥሩ እዮም" /ቈላ 1፥16/ ይብል። ስለዚ እዚ ኩሉ ብዛዕባ እቲ ሓደ ባህሪ ሓደ ኣካል ዝኾነ ስግው ቃል ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝነግር መርትዖ እዩ። ካልእውን ጐይታ ንቅዱስ ዮሃንስ "ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕራዋይን። እቲ ህያውን እየ። ሞይተ ውን ነበርኹ እነሆ ከኣ ንዘልኣለም ኣለም ህያው እየ። ኣብ ልዕሊ ሞትን ሲኦልን ስልጣን ኣሎኒ" /ራእይ 1፥17-18/ ኢልዎ። እቲ ዝሞተ ቀዳማይን ዳሕረዋይን ኣብ ልዕሊ ሲኦልን ሞትን ስልጣን ዘለዎ እዩ። ብርግጽ ብዛዕባ ሞቱ እንዳተዛረበ እንክሎ ንመለኮታዊ ባህሪኡ ካብ ሰብኣዊ ባህሪኡ ኣይፈላለዮን። እቲ ዝሞተ፣ ጐይታ ክብሪ። ወሃቢ ህይወት። ናይ ድህነት መስፍን። ቀዳማይን ዳሕረዋይን እዩ። ስለዚ መለኮት ከምዚ ጌሩ ስጋ ከምዚ ኮይኑ ኢልካ ሓድነቶም ንክልተ ባህሪ መቒልካ ምዝራብ ፍጹም ጌጋ እዩ። ንድሕነት ውን ሓደገኛ እዩ።*

*ክልተ ባህሪ ኢልካ ምዝራብ ኣብ ትምህርቲ ድሕነት ዓቢ ጥርጥር ዘፈጥር እዩ። ምናልባት ሓደ ሓደ ሰባት መንዩ ከምዚ ኢሉ ዝኣወጀ? እናበሉ ይሓትቱ። ጉባኤ ቄልኬዶን ነዚዩ ዝኣወጀ! ብተወሳኺውን ኣብታ ብፖፕ ሊዮን ዝተጻህፈት ዓባይ መጽሓፍ ከምዚ ይብል "ክርስቶስ ክልተ እዩ። ኣምላኽን ሰብን። እቲ ሓደ ተኣምራት ይገብር እቲ ሓደ ከኣ መከራን ስቓይን ተቐበለ" ። ስለዚ ከምዚ ንብልን ብኸምዚ ዓይነት ርድኢት ንጉዓዝን ተኾይንና እቲ ዝረኸብናዮ ድሕነት ደኣ ኣበይ ኣሎ?*

## ሓደ ባህሪን መከራ መስቀልን

መለኮት ኣይሳቐይን፣ ኣይሓምምን፣ ኣይመዉትን። ስጋ ግና ብኣንጻሩ፣ መለኮት ብመከራ ተነቃፊ ኣይኮነን፤ ግና ስጋ ክትሳቐይ ከላ ምስኣ ተወሃሂዱ ኔሩ ፍጹም ካብኣ ኣይተፈለየን። ስለዚ እቲ ስቓይ ኣብቲ ብተዋህዶ ዝኸበረ ሓደ ባህሪ ስግው ቃል እዩ ወሪዱ።

ነዚዩ ከኣ ኣብቲ ቅዱስ ጉባኤ ኒቅያ ዝጸደቐ ጸሎተ ሃይማኖት "..ብሓደ ወዲ ንኣቦ (ወልድ ኣብ ዋህድ) ንኣምን..ምእንታና ምእንቲ ድሕነት ደቂሰባት ምእንቲ ምድሓንና ካብ ሰማያት ዝወረደ ብግብሪ መንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ስጋ ለበሰ ሰብ ኮነ። ሰብ ኮይኑ ድማ ብዘመን ጴንጤናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቕለ (ሓመመ) መከራ መስቀል ተቐበለ ሞተ ተቀብረ ኣብ ቅዱሳት መጽሓፍቲ ከም ዝተጻሕፈ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ካብ ምዉታት ተፈልዩ ተንስአ" ዝብል። መለኮት ዘይብሉ ስጋ ጥራይ እዩ ተሳቕዩ ምባልን ስግው ቃል (ስጋ ዝተወሃሃደ ቃል) ተሳቕዩ ምባል ዓቢ ፍልልይ ኣለዎ። ስለዚ እቲ ንድሕነትና ካሕሳ ዝኸዉን ስቕያት ዝኸፈለ ሓደ ባህሪ እዩ ኢልካ ምእማን ኣድላይነቱ ኣብዚ እዩ!

### ግን መለኮት ተሳቕዩ ድዩ?

መለኮታዊ ባህሪ ፍጹም ስቓይ ዘይረክቦ ዘይሳቐይ ባህሪ እዩ። ስቓይ ኣይሰማምዖን ። ስጋ ስለዝተወሃሃደ ግና፣ ስጋ መከራ ክቕበል ከሎ መለኮት ምስ ስጋ ኔሩ፣ ፍጹም ኣይተፈለየን። ብስጋ ተሰቒሉ እዩ መለኮት ግን ምስ ስጋ ኔሩ። ስለዚ እዩ ከኣ ኣብ ጸሎት ሻዱሸይቲ ሰዓት **"ንስኻ ኣብ ሻዱሸይቲ ሰዓት ብስጋ ንሞት ዝጠዓምኻ"** ንብል። ስጋ ምስ መለኮት ተወሃሂዱ ሓደ ባህሪ ሃበና፣ ብስጋ ሞተ፤ ብሞቱ ከኣ ዘይዉሰን ካሕሳ ኮነልና። ቅዱሳን ኣቦታት ነዚ ትምህርቲ ብዝረሰነት (ዝጉሃረት) ሓጺን ጌሮም ይገልጽዎ።

ሓጺን ኣብ ሓዊ ኮፍ ምስ ነብሎ ይረስን ይጉህር። እቲ ሓጺን ቅርጹ ከየጥፈአ ምስ ሓዊ ይወሃሃድ ይቀይሕ። እቲ ሓዊ በቲ ሓጺን ከይተዋሕጠ ነቲ ሓጺን የቕይሖ ምስ ሓጺን ከኣ ይወሃሃድ። ሓጺንን ሓዊን ይወሃሃዱ። ሓጺን ዝነበሮ ባህሪ ከየጥፍአ ምስ ሓዊ ይወሃሃድ። ሓዊ ዉን ባህሪያቱ ዓቂቡ ምስ ሓጺን ይወሃሃድ። ቀጥቃጣይ ነቲ ዝረሰነ ሓጺን እናቀጥቀጠ ናብ ዝተፈላለየ ቅርጺ ማለት ማዕጺድ፣ ማሕረስ፣ ጎዘሞ....ይሰርሖ። ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ነገር ተሃሊዩ፣ እቲ ማርቴሎ ብማዕሪ እዩ ነቲ ሓጺንን ሓዊን ዝሃርሞ፣ እቲ ማርቴሎ ነቲ ሓዊ ዝተወሃሃደ ሓጺን ይሃርሞ፣ ብኽምዚ ከኣ እናቀጥቀጠ ይዓጽፎ ይጠዉዮ። እቲ ዝዕጸፍ ዝጥወይ ሓጺን እዩ ግን ምስቲ ሓጺን ሓዊ ተወሃሂዱ ኣሎ። ሓዊ ረቒቕ እዩ ኣይቕጥቀጥን እዩ ግን ምስ ሓጺን ስለዝተወሃሃደ ምስ ሓጺን ኮይኑ በቲ ማርቴሎ ይቕጥቀጥ ኔሩ። ኣብ ባህሪ ክርስቶስ መጺእና ተመሳሳሊ እዩ። መከራ (ሕማማት) መስቀል ኣብ ክርስቶስ ክወርድ ከሎ ንስጋ ጥራይ ዘይኮነስ እንኮላይ ንመለኮት እዩ። መለኮት በቲ መከራ ዋላ ሓንቲ ኣይኰነን፣ ግን እቲ መከራ ክወርድ እንከሎ መለኮት ካብ ስጋ ኣይተፈልየን። መለኮት ስለቲ ዘለዎ ረቒቕ ባህሪያቱ መከራ ኣይርከቦ ደኣምበር ምስቲ ስጋ ስለዝተወሃሃደ ኣብ ግዜ ስቃይን መከራን ካብ ስጋ ኣይተፈለየን።

ሃዋርያ ቅዱስ ጳዉሎስ ናብ ኤፈሶን ዝርከቡ ኤጲስቆጶሳት "...ነቲ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ቤተክርስቲያን ኣምላኽን (ጐይታ) ሓልዉ..." /ግብረ 20፥28/ ብምባል እታ ንሳቶም ክጓስይዋ ሓደራ ዝተዋህበቶም ቤተክርስቲያን ብደም ኣምላኽ ከም ዝተመስረተት እዩ ነጊርዋም። ብርግጽ ኣምላኽ ደም የብሉን፣ ሰብ እዩ ደም ዘለዎ ግን ኣምላኽ ሰብ ስለዝኾነ፣ ኣምላኻዊ ባህሪያቱ ምስቲ ንካሕሳ ዝፈሰሰ ደም ፍጹም ስለዝተወሃሃደ እቲ ኣብ መስቀል ዝፈሰሰ ደም፣ **ደም ኣምላኽ** ተባህለ። እዚ ከኣ ኣብ ባህሪ ክርስቶስ ምፍልላይ ከምዘየልቦ እዩ ዝሕብረና። ስግው ቃል ጐይታ ሓደ ባህሪ እዩ።

ነፍሲ ብመልክዕ እግዚአብሔር ተፈጢራ፣ እግዚአብሔር ከኣ ዘልኣለማዊ`ዩ፣ ስለዚ ነፍሲ ዘልኣለማዊት እያ። ሓደ ሰብ ክመውት ከሎ ግና "ኣቶ (ወሮ) ክስቶ ሞይቱ/ታ ኢልና" ብሓድነት ንዛረብ እምበር ስግኡ ጥራይ ሞይቱ ኣይንብልን። ኣብ መለኮትን ስጋን ውን ከምዚ እዩ።

ቀንዲ ዕላማ ተዋህዶ ንድሕነት ደቂሰባት እዩ። ድሕነት ድማ ብሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ ክፍጸም ኣይከኣልን። ስለዚ ስግው ቃል ብዘይ ኣፈላላይ ሓደ ባህሪ እዩ ኢልካ ምእማን ኽኸሓድ ዘይግብኦ ሓቀኛ እምነት እዩ። ስጋዊ ባህሪ ጥራይ እዩ ተሳቕዩ፣ መከራ መስቀል ተቀቢሉ፣ ደሙ ኣፍሲሱ። እንቴልና በዚ ኣገባብ እዚ ድሕነት ኣይተፈጸመን ማለት እዩ። እዚ ከኣ ጌጋ እዩ።

እስከ ብዛዕባ ኣዚ ጉዳይ መጽሓፍ ቅዱስ ንመርምር። እግዚአብሔር ኣቦ "ንወዱ እኳ ምእንተ ኩላትና ኣሕሊፉ ዝሃቦ እምበር ዘይነሓፎ" /ሮሜ 8፥32/ ብምባል ጳውሎስ ይነግረና። ካልእውን "በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኩሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ክረኽብ እምበር ከይጠፍእሲ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ" /ዮሃ 3፥16 / "ኣምላኽ ባዕሉ ስለዘፍቀረና ንሓጢኣትና ኬርሕቅ ኢሉ ንወዱ ስለዝሰደደልና እዩ.." /1 ዮሃ 4።10/ ብምባል እቲ በጃ ኩላትና ኣብ መስቀል ዝወዓለ መከራ ኣይሁድ ዝተቐበለ ወልድ ኣብ ዋህድ (ሓደ ወዲ ንኣቦ)፣ ወልደ ኣብ ህያው (ህያው ወዲ ኣምላኽ)፣ ቃለ ኣብ ህያው (ህያው ናይ ኣቦ ቃል) እዩ፤ ደኣምበር ሰብ ጥራይ ኣይኮነን።

ስለዚ እግዚአብሔር መሰዋእቲ ኽከውን ዝሰደደ፣ ካልኣይ ኣካል ናይ ሰላሴ፣ ቃል ኣምላኽ (THE LOGOS) እዩ። ንሱ ብስጋ እኳ እንተተሰቕለ መጽሓፍ ቅዱስ ግና ብስጋ ጥራይ እዩ ተሰቒሉ ኣይብለናን። እዚ ንተዋህዶ (ንሓደ ባህሪ) ዓቢ መርትዖ እዩ። እምበኣር ስለዚ እዩ ኣብ ግብሪ ድሕነት ተዋህዶ ዘድሊ።

"ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ኣውጽኣና ናብታ መንግስቲ ፍቑር ወዲ ውን ኣእተወና። ኣብኡ ማለት ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና ክርስቶስ ናይቲ ዘይርአ ምስልን...." /ቆላ 1፥13-15/። ኣብዚ ብዛዕባ ሕድገት ሓጢኣት ክዛረብ ከሎ ነዚ ኩሉ ምስቲ ምስሊ እቲ ዘይርአ ኣምላኽ ዝኮነ የራኽቦ። ኣብ ወንጌል ውን "እቶም ሓርስቶት ንወዱ ምስ ረኣይዎ .... ሒዞም ካብቲ ኣታክልቲ ወይኒ ንወጻኢ ኣውጺኦም ቀተልዎ" /ማቴ 21። 37-39/ ይብል። ኣብዚ ወልድ ከም ዝሞተ ይነግረና። ስጋ ጥራይ ሞይቱ ብምባል ፈላልዩ ኣይዛረብን። ሙሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ንምርምሮ ብዛዕባ ሓደ ባህሪ ደኣእምበር ንባህሪ ክርስቶስ ንክልተ መቒሉ ኣይዛረብን።

ኣምበኣር ብዛዕባ "ወዲ ሰብ" ትብል ቃል ትርጉማ ንርአይ።

## “ወዲ ሰብ” ማለት

**ወዲ ሰብ ትብል ቃል መሎኮታዊነት ትነግር እያ**

**“ወልደ እግዚአብሔር” (ወዲ እግዚአብሔር) ትብል ቃል መለኮታዊነቱ ከምትነግር ከምኡ ከኣ “ወዲ ሰብ” ናይ ክርስቶስ ሰብኣዊ ባህሪ እያ ተመልክት። ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ “ወዲሰብ ” ትብል ቃል ከም “ወዲ ኣምላኽ” ትብል ቃል ኣብ ብዙሕ ቦታታት ተጠቒሙላ እዩ። ገለ ካብኣተን፣-**

1. **ወዲ ሰብ ኣብ ላዕሊ ሰማይን ኣብ ምድርን ከምዘሎ ተዛሪቡ እዩ። ንኒቆዲሞስ “ብጀኻ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማያት ዉን ዘሎ ወዲ ሰብ ናብ ሰማይ ዝዓረገ ሓደ እኳ የልቦን”** /ዮሃ 3፥13/ **በሎ። እዛ ጥቅሲ እዚኣ ወዲ-ሰብ ኣብ ሓደ ጊዜ  ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ከምዘሎ እያ ትሕብር። ብርግጽ ጐይታ ኣብ ሰማያት ከሎ ምስ ኒቆዲሞስ ከኣ ኣብ ምድሪ ኮይኑ ይዘራረብ ኔሩ። ስለዚ እቲ ካብ ሰማያት ዝወረደ ወዲሰብ መን እዩ? ኣብ ሰማያት እንከሎ ኣብ ምድሪ ኮይኑ ምስ ኒቆዲሞስ ዝተዛረበ  መን እዩ? መለኮታዊ ባህሪ ድዩ ወይስ ሰብኣዊ ባህሪ? ብርግጽ ስግው ቃል እዩ። ካብዛ ጥቅሲ እዚኣ ሓደ ባህሪ ኢና ንመሃር።**

2. **“ወዲ ሰብ ጐይታ ሰንበት እዩ”** /ማቴ 12፥8/
**“ወዲ ሰብ” ማለት ሰብኣዊ ባህሪ ተመልክት “ጐይታ ሰንበት” ማለት ከኣ መለኮታዊ ባህሪ ተመልክት። ግን እዘን ክልተ ነገራት ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ነገር ክገልጻ ምእታወን ናይ ሓደ ባህሪ መርኣያ እዩ።**

3. **ወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ሓጢኣት ክሓድግ ስልጣን ኣለዎ** /ማቴ 9፥6/ **።**

**ብጀካ እግዚአብሔር ኣምላኽ በይኑ ካልእ ሓጢኣት ክሓድግ ስልጣን የብሉን። ነቲ ልሙስ ሰብኣይ ግና ጐይታ “ሓጢኣትኻ ተሓዲጉልካ እዩ ” ኢልዎ፥ ከምዚ ዝበለ መለኮት ድዩ ዋላስ ስጋ? ስግው ቃል ብተዋህዶ ዝኸበረ ሓደ ባህሪ ክርስቶስ እዩ እንተበልና እዩ ዘምሕረልና።**

4. **ወዲ ሰብ ንዓለም ክፈርዳ እዩ**

**“ወዲ ሰብ ብኽብሪ ኣቡኡ ምስ መልኣኽቱ ክመጽእ እዩ እሞ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ክፈድዮ እዩ”** /ማቴ 16፥27/**። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ “ወዲ ሰብ” ኢሉ “ብኽብሪ ኣቡኡ” “ምስ መላኣኽቱ” ክመጽእ እዩ በለ። ክነስተውዕሎ ዝግባኣና ነገር ንክርስቶስ ናይ ባህሪ ኣቡኡ እግዚአብሔር ኣብ እዩ፤ ግና ኩሉ ነገር ማለት ስጋን መለኮትን ስለዝተዉሃሃዱ ብሓድነት ክልተ ዝተፈላለየ ነገር ኣብ ሓደ ግዜ ተጠቒሙሉ። ካልእዉን ንዓለም ዝፈርዳ ሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ ወይ መለኮታዊ ባህሪ ጥራይ ዘይኾነስ ስግው ቃል ሓደ ባህሪ ክርስቶስ እዩ።**

5 **“ወዲ ሰብ ምስ መልኣኽቱ ብክብሪ ኣቡኡ ኣብ ዝመጸሉ ግዜ ሽዑ ኣብ ዝፋን ኪቕመጥ እዩ...ንሱ በብወገኖም ኪፈልዮም እዩ። ነባጊዕ ብየማኑ ነጣል ድማ ብጸጋሙ ኬቀዉም እዩ ሽዑ እቲ ንጉስ ብየማኑ ንዘለዉ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት እቲ ዓለም ኪፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኩም መንግስቲ ክትወርሱ ንዑ”** /ማቴ 25፥31-34/ **ይብሎም። ወዲ ሰብ “ምስ መላኣኽቱ” ማለት እቲ ወዲ ሰብ ባዕሉ መለኮታዊ እዩ ማለት እዩ። ብተወሳኺ “ወዲ ሰብ” ክብል ጸኒሑ “ኣቦ” ከኣ ይብል። እዚ ማለት እቲ ዝዛረብ ዘሎ ወዲ ሰብ ባዕሉ ወዲ ኣምላኽ ስለዝኮነ እዩ። ዋላኳ ፍርዲ ንወዲ ኣምላኽ ጥራይ ዝምልከት እንተኮነ እቲ ንዓለም ዝፈርዳ ግና ወዲ ሰብ ምኳኑ እዩ ኣርጊጹ ዝነግረና። እዚ ከኣ ብዘይ ጥርጥር ዉህደት ናይ ክልቲኡ ባህሪያት ማለት ተዋህዶ እዩ ዘመልክት።**

6. ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ሊቀ ካህናት ንፍርዲ ምስ ቐረበ "ድሕሪ ሕጂ ግና ወዲ ሰብ ኣብ የማን ሓይሊ እግዚአብሔር ተቐሚጡ ብደመና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ክትርእይዎ ኢኹም..." /ማቴ 26፥63-65/ በሎም። ቀዳሚ ሰማእት ቅዱስ እስጢፋኖስ "እነሆ ሰማይ ተከፊቱ ወዲ ሰብ ድማ ኣብ የማን እግዚአብሔር ደው ኢሉ እርኢ ኣሎኹ" /ግብ 7፥56/ ብምባል መስኪሩውን እዩ።

ኣብ የማን ሓይሊ ኣምላኽ ኮፍ ኢሉ ብደመና ሰማይ ዝመጽእ መን እዩ? እቲ ሰብኣዊ ባህሪ ድዩ ወይስ መለኮታዊ ባህሪ? ክትፈላልዮም ፍጹም ኣይከኣልን እኳ ደኣ ሓደ ባህሪ ክርስቶስ እዩ።

7. ወዲ ሰብ ንመላኣኽቲ "መላኣኽቱ" ንሕሩያት ከኣ "ሕሩያቱ" ብምባል ጸዊዕዎም እዩ። "ንሱ ንመላኣኽቱ ብብርቱዕ ድምጺ መለከት ኪልእኮም እዩ። ንሳቶም ድማ ንሕሩያቱ ክእክብዎም እዮም" /ማቴ 24፥29-31/።

ኣብዚ ወዲ ሰብ ናይ እግዚአብሔር ስልጣን ሒዙ ይእዝዝ ኣሎ። እዚ ሰብኣዊ ባህሪ እዩ፣ እቲ መለኮታዊ ባህሪ እዩ ኢልኻ ኣብዚ ጽሑፍ ክትፈላልይ ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝዛረብ ዘሎ ወዲ ሰብ፣ ወዲ ድንግል ማርያም፣ ወዲ ኣምላኽ፣ ጐይታ ኢየሱስ ፈራዲ ኩሉ ዓለም፣ ኣብ ልዕሊ መላኣኽትን ደቂ ሰባትን ሙሉእ ስልጣን ዘለዎ፣ ንመልኣኽቱ ልኢኹ ንሕሩያቱ መንግስተ ሰማያት ንከይወርሱ ካብ ዘዕንቅፉ ነገራት ዝእክቦም እዩ። እዚ ክምቀል ዘይከኣል ፍጹም ሓደ ባህሪ እዩ።

8. ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋርያት ክዛረቦም ከሎ "ወዲ ሰብ ናብ ቀደም ዝነበሮ ክዓርግ ከሎ እንተ ትርእይዎ`ከ ደኣ እንታይ ምበልኩም" /ዮሃ 6፥62/ ኢልዎም። ኣብዚ እታ "ቀደም ዝነበሮ" ትብል ቃል ኣገዳሲት እያ ምኽንያቱ ብመጀመርያ ኣብ ሰማያት ከምዝነበረ ስለተረድእ። ብርግጽ ኣብ ሰማያት ዝነበረ ንስጋ ዘይተወሃሃደ ማለት ዘይስግው ቃል፣ እግዚአብሔር ወልድ እዩ። ግና ብተዋህዶ ሓደ ባህሪ ስለዝኮነ ነቲ ዘይስግው ቃል ጥራይ ዝምልከት ወዲ ሰብ ብምባል ገሊጽዎ ይርከብ። ምስቲ ኒቆዲሞስ ዝተዛረቦ ዘረባ ማለት "እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ" ዝብል ተመሳሳሊ እዩ። እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ መለኮት ጥራይ ምኳኑ ኣይንዘንግዕ።

ብተመሳሳሊውን ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ጐይታ ክዛረብ ከሎ "እቲ ካልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ እዩ" /1ይ ቆሮ 15፥47/ በለ። ስለዚ እዚ ኩሉ ወዲ ሰብ እንዳበለ ጐይታ ዝተዛረቦ ቃላት ተዋህዶ እዩ ዘረድኣና።

## መጽሓፍ ቅዱሳዊ መርትዖታት

ብዙሓት ጥቅስታት መጽሓፍ ቅዱስ ክርስቶስ ሓደ ባህሪ ምዃኑ ይነግረና።

1. እግዚአብሔር ኣብ ብዛዕባ እቲ ብኢድ መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሃንስ ዝተጠመቀ ኢየሱስ ክምስክር ከሎ "ብእኡ ዝተሓጎስኩ ፍቱው ወደይ እዚ እዩ" በለ /ማቴ ፥17/። ብርግጽ ፍቱው ወደይ ዝበሎ ንሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ብዘይ ኣቦ እዩ ተወሊዱ። ግን ሰብኣዊ ባህሪኡ ካብ መለኮቱ ፍጹም ስለዘይፍለይ ነቲ ስጋ ዝለበሰ ቃል ወደይ እሉ ጸውዖ። እዛ ጥቅሲ ምንታዊነት (ክልተኣዊነት) ዘይኮነት ተዋህዶ ወይ ሓድነት እያ ተረድኣና።

2. መጥምቀ ዮሃንስ ናብ ክርስቶስ እንዳመልከተ "እቲ ብዛዕብኡ ሓደ ሰብኣይ ብድሕረይ ክመጽእ እዩ። ንሱ ብቅድመይ ስለዝነበረ ይዓብየኒ እዩ" ብምባል መስከረ /ዮሃ 1፥15፣30/። እቲ ብቅድሚኡ ዝነበረ ከመይ ኢሉ ብድሕሪኡ ክመጽእ ክኢሉ? ጐይታ ኢየሱስ ቅድሚኡ ብመለኮታዊ ባህርዩ ኔሩ ደሓር ግና ስጋ ለቢሱ ካብ ድንግል ብዘይ ኣቦ ተወሊዱ ድሕሪ ዮሃንስ መጽአ። ዮሃንስ እቲ ብድሕሪኡ ዝመጽአ ስግው ቃል ምዃኑ ስለዝፈለጠ "እቲ ብድሕረይ ዝመጽእ ቅድም ስለዝነበረ" ብምባል መለኮት ካብ ስጋ ከይፈለየ ብሓድነት ንተዋህዶ መስኪሩ። ኣብዚ ሓደ ባህሪ ንጹር እዩ ምኽንያቱ ብኢድ ዮሃንስ ዝተጠምቀ ንሱ ባዕሉ ቅድሚኡ ዝነበረ እዩ።

3. ወንጌላዊ ቅዱስ ዮሃንስ ኣብ ወንጌሉ ከምዚ ይብል "ንኣምላኽ ዝረኣዮ ሓደ እኳ የልቦን። እንተኾነ እቲ ኣብ ሑቕፊ ኣቡኡ ዘሎ ሓደ ወዲ ንሱ ኣግሃዶ" /ዮሃ 1፥18/። እቲ በይኑ ውሉድ ኣምላኽ ዝኮነ ቃል ካልኣይ ኣካል ናይ ስላሴ እዩ። ግን ከመይ ጌሩ ንኣምላኽ ዝገለጾ? ብርግጽ ስጋ ምስ ተወሃሃደ እዩ። ስለዚ ንኣምላኽ ዘግሃደ ሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ እዩ ክንብል ኣይንክእልን ምኽንያቱ "ኣብ ሑቕፊ ኣቡኡ ዘሎ ሓደ ወዲ ንሱ ኣግሃዶ" እዩ ዝብል። ነዚ ዘግሃደ ሰብ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ፈሊጡ እዩ፤ እዚ ከኣ ሓደ ባህሪ የመልክት።

4. ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ መልእክቱ ከኣ "ብዛዕባ እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ንሕና ዝሰማዕናዮ በዒይንትና ዝረኣናዮ ዝጠመትናዮ ብኣእዳውና ዝረምሰስናዮ" /1ይ ዮሃ 1፥1/ ይብል። ካብ መጀመርታ ዝነበረ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ጥራይ እዩ። ግን እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ተራእዩን ተረምሲሱን እዩ! ብሓቂ እግዚኣብሔር ክረኣይን ክርምሰስን ይከኣል ድዩ? እዛ ጥቕሲ`ዚኣ መለኮትን ስጋን ፈላልያ ኣይኮነትን ተርእየና። ምኽንያቱ ሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ ከይንብል ሰብ ካብ መጀመርታ ኣይነበረን መለኮት ጥራይ ከይንብል ድማ መለኮት ክርምሰስ ኣይከኣልን። እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ እግዚአብሔር ቃል ስጋ ለቢሱ ስለዝተገልጸ እዩ፥ ዝተራእየን ዝተረምሰሰን። እዚ ከኣ ተዋህዶ እዩ ዘረድኣና።

5. ኣብ መንጎ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ዓይነ ስዉር ኮይኑ ዝተወልደ ሰብኣይ ዝተገብረ ዝርርብ ተመሳሳሊ ትርጉም ኣለዎ። ጐይታ ዓይኑ ምስ ኣብርሃሉ እቲ ሰብኣይ ንኢየሱስ "ብእኡ ክኣምንሲ መንዩ ወዲ ኣምላኽ" በሎ ጐይታ ከኣ "ርኢካዮ ኣሎኻ እዚ ሕጂ ምሳኻ ዝዛረብ ዘሎ ንሱ እዩ" በሎ። ዮሃ 9፥35-37/። ወዲ ኣምላኽ ባዕሉ መለኮታዊ፣ ኣምላኻዊ ቃል፣ ስግው ቃል እዩ። ምስቲ ዓይነ ስዉር ሰብኣይ ዝዛረብ ዘሎ ደኣ መን እዩ፣ ሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ ድዩ? ሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ ኣይኮነን ምኽንያቱ ባዕሉ ጐይታ "እዚ ሕጂ ምሳኻ ዝዛረብ ዘሎ ንሱ ወዲ ኣምላኽ እዩ" ብምባል ኣርጊጹ ተዛሪብዎ እዩ። ስለዚ እዚ እቲ ብስጋ ሰብ ዝተገልጸ እግዚአብሔር እዩ። /1ይ ጢሞ 3፥16/።

6. ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ እቶም ኣብ በረኻታት ሲና ዝነበሩ ኣይሁድ ክዛረብ ከሎ “ኩላቶምውን ሓደ መንፈሳዊ መስተ ሰተዩ። ከመይ ካብቲ ዝሰዕቦም ዝነበረ መንፈሳዊ ከውሒ ሰትዮም እዮም። እቲ ከውሒ እቲ ከኣ ክርስቶስ እዩ” /1 ቆሮ10፡4/ ይብል። 400 ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ እዩ ህዝበ እስራኤል ኣብ በረኻታት ሲና  ክርተት ዝበሉ። ቅዱስ ጳውሎስ ግና ብዛዕባ መለኮታዊ ባህሪ ማለት ኣምላኻዊ ቃል ክዛረብ ከሎ ክርስቶስ ብምባል እዩ ገሊጽዎ። ይኩን ደኣምበር ክርስቶስ ትብል ሽም ቅድሚ ልደት ኣይተጸውዓላን፥ ናይ ልደት ሽሙ እያ። ስለዚ ጳውሎስ ንተዋህዶ ኣጸቢቑ ስለዝተረድአ ነቲ ቅድሚ ልደት ዝነበረ ዘልኣለማዊ ህላወ ክርስቶስ ገሊጽዎ። ብተመሳሳሊውን “ከምቲ ገሊኣቶም ንእግዚአብሔር ዝፈተንዎ እሞ ዝጠፍኡ ንክርስቶስ ኣይንፈትኖ” /1 ቆሮ 10፡9/ ብምባል ይውስኽላ።

7. ሰብኣ ሰገል ኣብ ቅድሚ መን ሰጊዶም?(ሜቴ 2፥11) ንመለኮት ጥራይ ድዮም ዝሰገዱ? ኣይኮነን፣ ኣብ ቅድሚኡ ዝሰገድሉን ህያብ ዘቕረብሉን ነቲ ኣብ ሑቕፊ ኣዲኡ ንዝነበረ ህጻን እዩ። ንሰብኣዊ ባህሪ ጥራይ ድዮም ሰጊዶም? ሰብ ፍጹም ናይ ኣምልኮ ስግደት ኣይግብኦን። ስለዚ እቲ መልሲ  ከምቲ እቲ ዓይነ-ስውር ሰብኣይ ዝገበሮ ንሳቶም’ውን ነቲ ስጋ ዝለበሰ እግዚኣብሔር እዮም ሰጊዶም። ብተመሳሳሊ ጐይታ ኣብ ልዕሊ ማያት ክኸዓዝን፣ ንንፋሳት ክግስጽ ከሎን “እቶም ኣብ ጀልባ ዝነበሩ ከኣ “ንስኻ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ እናበሉ ሰገድሉ” (ማቴ 14፥22-32) ይብል። ስለ ክብሩ ጥራይ ኢሎም ኣይኮነን ስለ ኣምላኽነቱ እዩ።

8. ካልእ ሕቶ’ውን ኣሎና፥ መንዩ ድንቂ ተኣማራት ዝገበረ? ኣብ ማያት ዝተኳዓዘ፣ ንፋሳት ዝገሰጸ፣ ሕሙማን ዝፈወሰ፣ ሙታን ዘተንስአ...ወዘተ መንዩ? መንዩ ነዚ ኩሉ ዝገበረ? መለኮት ድዩ ዋላስ ሰብ?

ስግው ቃል እዩ!

“ንሱ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፎም ኢዱ ኣናንበረ ኣሕወዮም” (ሉቃ 4፥40)።ኣብ ማርቆስ 5፥29 ውን ነታ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ሙሉእ ደም ዝፈስሳ ዝነበረት ሰበይቲ ክዳኑ ብምትንካያ ጥራይ፣ ሓይሊ ካብኡ ወጺኡ ደማ ጠጠው  ኣቢልዎ። ነዚ ኩሉ ዝገበረ መንዮ? ስጋ ጥራይ ከይንብል ብምንታይ ሓይሉ መለኮት ጥራይ ከኣ ከይንብል መለኮት ረቂቕ’ዩ  ኣይጭበጥን ኣይትንከይን! ስለዚ ነዚ ዝገበረ ስጋ ዝተወሃሃዶ ሓደ ባህሪ እዩ።

ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ብዕውሩ ዝተወልደ ሰብኣይ ዓይኒ ክህቦ ከሎ ናብ ምድሪ ጡፍ ብምባል ጸቡሪ ጌሩ በቲ ጸቡሪ ጌሩ ኣዒይንቲ እቲ ዕውር ብምልካይ ፈዊስዎ። ኣብዚ ግን ሓደ ነገር ክነስተውዕል ይግብኣና ንሱ ከኣ  ጥፍጣፍ ስጋዊ ባህሪ’ዩ ግና  በቲ ጥፍጣፍ ጸብሪ ተለክዩ ማይ ምስተሓጸበዩ ዓይኒ ረኺቡ። ስለዚ ነዚ ዝገበረ መንዩ መለኮት ኣብ ጥፍጣፍ እንተዘይህሉ ኔሩሲ ብሓቂ ዓይኒ ምረኸበ`ዶ? ስለዚ ስጋ ምስ መለኮት ተወሃሂዱ’ዩ ወንጌላዊ ቅዱስ ዮውሃንስ “ኢየሱስ ድማ ኣብዚ መጽሓፍ’ዚ ዘይተጸሓፈ ካልእ ብዙሕ    ተኣምራት ኣብ ቅድሚ   ደቀ መዛሙርቱ ገበረ” (ዮሃ 20፥30) ይብል። ኣብዚ እታ ኢየሱስ ትብል ስም ከም ዝተጠቀመ ንረዳእ። ሙሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ’ዩ ዝነግረና ሓደ ባህሪ፤ እምባኣር ሕጂ ብዛዕባ “ሓደ ፍቃድ” ክንዝትይ።

## ሓደ ፍቃድን ሓደ ግብርን

ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ፍቃድን ክልተ ግብርን ኣለዎ ድዩ? [ክልተ ፍቃድ ማለት ፍቃድ መለኮትን ፍቃድ ሰብን ክኸውን ከሎ ክልተ ግብሪ ማለት ከኣ ግብሪ መለኮትን ግብሪ ሰብን ማለት እዩ] ።

ቅዱስ ቄርሎስ ከምቲ "ኣብ ሓደ ባህሪ ዝኣመንና ኣብ ሓደ ፍቃድን ሓደ ግብርን ንኣምን ባህሪኡ ሓደ ምዃኑ ካብ ኣመንና ፍቃዱን ግብሩን ሓደ'ዩ ኢልና ክንኣምን ግድን'ዩ" ይብለና።

መለኮት ዝደልዮ ኩሉ ስጋውን ብዘይ ጥርጥር ትደልዮ እያ መለኮታዊ ባህሪ ዝመረጾ ኩሉ ሰብኣዊ ባህሪ'ውን ዝመረጾ'ዩ ምክንያቱ ኣብ ናይ ክልቲኦም ባህሪያት ፍቃድን ግብርን ዋላ ሓንቲ ምግርጫዋትን ዘይምስምማዕን የለን። ፍቃዶም ሓደ እዩ።

ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ "ብልዐይሲ ፍቃድ እቲ ዝለኣከኒ ምግባርን ዕዩኡ'ውን ምፍጻም እዩ (ዮሃ 4፥43) ኢሉ። እዚ ከኣ ናቱ (ናይ ክርስቶስ) ፍቃድ ምስ ፍቃድ ኣብኡ ሓደ ምዃኑ የረድኣና። ብተመሳሳሊ'ውን "ብሓቂ በሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ወልድ ነቲ ኣብኡ ኪገብሮ ዝረኣዮ እንተ ዘይኮይኑ ካብ ርእሱ ሓንቲ ነገር እኳ ኺገብር ኣይክእልን እዩ። ነቲ ኣቦ ዚገብሮ ዘበለ ኩሉ ወልድውን ይገብሮ" (ዮሃ 5፥19) ይብለና።

ካብ ፍቃድ ኣብኡ ዝተፈለየ ነገር ንባዕሉ ኣይደለየን። "ምኽንያቱ ኣነ ፍቃድ እቲ ዝለኣከኒ እምበር ፍቃደይ ምእንቲ ኪገብር ኣይኮንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘለኹ" (ዮሃ 6፥38) ብርግጽ ስላሴ ብፍቃድ ሓደ እዮም። ኣቦን ወልድን ሓደ ፍቃድ ኣለዎም "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና" (ዮሃ 10፥30) ከምዝብለና። ስለዚ ንሱ (ወልድ) ብመለኮት ምስ ኣቦ ሓደ ካብ ኮነ ብፍቃድ'ውን ሓደ እዩ። ደጊም ወልድ (ስግው ቃል) ብዘመነ ስጋዊ (ኣብ ምድሪ ኣብ ዝተገልጸ ግዜ) ፍቃድ ናይቲ ኣብ ሰማይ ዝነበረ ኣቡኡ ይፍጽም ነበረ። ስለዚ እቲ ስጋ ዝተወሃሃደ ወልድ (ቃል) ሓደ ፍቃድ ክህልዎ ግድን'ዩ።

ብርግጽ ፍቃድ ሰብ ምስ ፍቃድ ኣምላኽ ኣብ ዘይሳየነሉ እዋንዩ ሓጢኣት ዝፍጽም። ጐይታና ኢየሱስ ግና ፍጹም ሓጢኣት ትብሃል ኣይፍጸመን። ነዚዩ ከኣ ንኣይሁድ "ካባኻትኩም ብሓጢኣት ኪረትዓኒ ዘክእል መና ኣሎ" (ዮሃ 8፥40 ) ብምባል ዝረትዖም። ስለዚ ፍቃድ ክርስቶስ ፍቃድ ኣቦ እዩ ኔሩ።

እቶም ከም ኣምላኾም ፍጹማን ዝኮኑ ቅዱሳን ነዚ ናይ ፍጽምና ደረጃ'ዚ ክበቅዑ ዝኽኣሉ ፍቃዶምን ፍቃድ ኣምላኽን ስለዘሰማምዑ እዩ። ፍቃዶም ፍቃድ ኣምላኽ እዩ ፍቃድ ኣምላኽ ከኣ ፍቃዶም እዩ።

ነዚ እዩ ቅዱስ ጳውሎስ "ንሕና ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣለና" (1ይ ቆሮ 2፥16) ዝበለ። ኣተሓሳስባና ምስ ሓሳብ ክርስቶስ ሓደ እዩ ኣይበለን ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና እዩ ኢሉ። ማለት ቅዱሳን ሓሳብ ክርስቶስ'ዩ ዘለዎም እዚ ከኣ ምስ ክርስቶስ ዘለዎም ሓድነት የረድኣና።

እምበኣር ብዛዕባ ኣምላኽ ኣብኦም ሓዲሩ ብዝገበሮ ስራሕ ናብ ቅድስና ደረጃ ክበጽሑ ዝኽኣሉ ማህደር ክርስቶስ ዝኮኑ ቅዱሳን ምስ ኣምላኽና ክርስቶስ ዘለዎም ሓድነት እዚ ዝኣክል ካብ ተባህለ። ሓደ ፍቃድን ሓደ ግብርን ክህልዎ፥ ኣብ መንጎ ወልድን ሰብኣዊ ባህሪን ክሳዕ ክንደይ ተዋሂዶ ዘይህሉ! መለኮትን ስጋን ፍጹም ዘወሃሃደ፤ ፍልልይ ዘይብሉ ተዋሂዶ እዩ። መለኮት ካብ ሰብ ንካልኢት`ውን ትኹን ዋላ ክንዲ ቓሕ ሰም ናይ ዓይኒ ተፈልዩ ኣይፈልጥን።

ኣብ መንጎ መለኮታዊን ሰብኣዊን ባህሪ ተዋህዶ እንተዘይህሉ ዉሽጣዊ ምግርጫው (ዘይምስምማዕ) መስዓበ ኔሩ። ዉሽጣዊ ዘይምስምማዕ እንተዝህሉ ደኣ ከመይ ጌርና መራሒና ኣብነትና ... ጌርና ንሱ ዝተጓዕዞ ጉዕዞ ክንጉዓዝ ኣሰር ኣሰሩ ክንከይድ ንጽዕር? (1ይ ዮሃ 2፥6) እዚስ ፍጹም ካብኡ ይርሓቕ!

ኣብ መለኮታዊን ሰብኣዊን ፍቃድ ሓድነት (ተዋህዶ) ስለዝነበረ እዩ ጐይታናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ቅዱስ ዝኾነ። ኣብ ድሕነት ደቂ ሰባት'ውን "ውዲ ሰብ ንጥፉእ ከድሕን መጺኡ ኣሎ" (ማቴ 18፥11) ብምባል ክርስቶስ ዝመጻሉ ቀንዲ ዕላማ ነጊሩና። እዚ'ውን ፍቃድ እግዚኣብሔር ኣብ (ኣቦ) እዩ "ባዕሉ ስለዘፍቀረና ብናይ ሓጢኣት መተረዓዊ ኺኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ" (1ይ ዮሃ 4፥10) ስለዚ ክስቀል ዝመረጸ ፍቃድ መለኮትን ስጋን (ሰብኣዊ) ስለዝኾነ እዩ። ሓደ ፍቃድ እንተዘይከውን ክርስቶስ ብፍቃዱ ንዓና ኢሉ ሞይቱ ኣይምተባህለን ኔሩ።

ስለዚ እቲ ባህሪ ሓደ ካብ ኮነ እቲ ፍቃድ ዉን ሓደ እዩ እቲ ግብሪ'ውን ሓደ እዩ። ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ባህሪያት ምፍልልላይ የልቦን።

## <u>ኣብ ክርስቶስ ባህሪ ዝተበጽሐ ስምምዕ</u>

**"ጐይታና ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ስግው ቃል ፍጹም ብመለኮቱ ፍጹም ብትስብእቱ ምዃኑ ንኣምን። መለኮቱ ምስ ትስብእቱ ብዘይ ምትሕውዋስ፣ ምልውዋጥ፣ ምቅይያርን፣ ምድንጋርን ሓደ ገበረ። መለኮት ካብ ትስብእቱ ንካልኢት ይኩን ዋላ ክንዲ ቋሕ ስም ዓይኒ ዝኣክል ግዜ ፍጹም ተፈልዩ ኣይፈልጥን። ናይ ንስጥሮስን ኣውጣኪን ትምህርቲ ፍጹም ንወግዞ።**

### ፌርማ

**ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ 3ይ**

**ይትባረከ እግዚአብሔር ኣምላከ ኣበዊነ**

**ዘኣጽንዓነ በርትዕት ሃይማኖት**

**ኣሜን!**